# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.298 | ሰንበት 13 ነሓሰ 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ኮለጅ ቅድሚ ምእታውና ዘገድሱና ኣንጻታት ፲



ገጽ 3
"ኣባላት ሓይሊ ኣየር ኣብ ኣመጋግባኦም ዓቢ ከዘውትሩ ንሰርሓሉ ኣለና"



ገጽ 5
ምስ ደራሲን ጋዜጠኛን ዘመንፈስ ሃይለ



ገጽ 7
ገለ ካብ ባህርያት ደቂ-ሰብ



ገጽ 11
ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ተዛዚሙ




## ኣብ ጸዓዘጋን ሃዳሙን፡ ህዝቢ ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻሉ ኣዘናጊዑ

ኣብ ንኡስ ዞባ በረኽ - ምምሕዳር ከባቢ ጸዓዘጋ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ - ምምሕዳር ከባቢ ሃዳሙ፡ ኣብ ልምዓታዊ ንጥፈታት ንዝተዋፈሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እንግዶት ተገይሩ።



ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ጸዓዘጋ ብ9 ነሓሰ ኣብ ዝወደብዎ እንግዶት፡ ሰራዊት ኤርትራ ነታ ብደሙን ኣዕጽምቱን ዘውሓሳ መሬት ብርሃጹ ከልምዕ ዘርእዮ ዘሎ ንጥፈት፡ ኣብ ታሪኽ ብወርቂ ቀለም ተሰኢዱ ንወለዶታት ዝሕለፍ ሓወልቲ ምዃኑ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ በረኽ ኣቶ ተስፉ ፍስሓጼን፡ ዕላማ'ቲ እንግዶት ምስጋና ንምቕራብን ኣብ ጐድኖም ከምዘለዉ ንምርግጋጽን ከምዝተሰላ ኣረዲኡ።

ኣካይዲ ስራሕ በዓልሰልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘቤታውን ኮሎኔል ክንፈ ሃብቶም ብዝገብሮ፡ ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ተዋፊሮም ዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ በዘለዎ ኣድማዒ ልምዓታዊ መደባት የሰላስሉ ከምዘለዉ ብምምልካት፡ ነቲ ዝተሰርሐ ዛላታትን ዝተተኽለ ኣግራብን ብዝሒ ኣብ ምክትታል፡ ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣነበርቲ ዓዲን ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሃዳሙ - ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ እውን፡ ኣብ ህንጻት ፓርክ ሰማእታት ደቀምሓረ ተዋፊሮም ንዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እዚ ማእከል ብ3 ነሓሰ እንግዶት ገይሮም።

ኣዛዚ ክፍለሰራዊት ሌ/ኮሎኔል ኣብርሃም ብርሃ፡ ነቲ ስራሕ ኣብ ሓጺር ግዜ ንምዛዛም ኣበርቲዖም ይሰርሑ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ህዝቢ ንዘርኣዮም ዘሎ ቀጻሊ ደገፍን ምትብባዕን ሞጊሱ።

## ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን፡ ምስ ነበርቲ ዘተዩ

ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ረዘነ ኣርኣያ፡ ካብ 2 ክሳብ 8 ነሓሰ፡ ኣብ ልምዓታውን ማሕበራውን መደባት ዘተኮረ ርክባት ምስ ነበርቲ ኣካዪዱ።



ወህደትን ሓድነታዊ ጥምረትን መሰረት ዕቤትን ብልጽግናን ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ኣቶ ረዘነ፡ ሃገራዊ ንቕሓት በረኹን ውዳበታት ሓፍሉን፡ ዕዙዝ ተሳትፎ ኣብ ኩሉም ሃገራውያን ዕማማት ምርግጋጽ፡ መድረኽ ዝጠልቦ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሃብቲ ገረብ ከየብርስ ሓላፍነታዊ ስራሕ ክሰላሰል ብምዝኽኻር ድማ፡ መደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምፍዋስ ማይ-ክዮታትን ምትካል ፈልሲታትን ብዝለዓለ ክድፋኣሉ፡ ከምኡ'ውን ሕሩም ሕዛእቲ ብምኽላል ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘቤታውን ኣብ ምስሳን ልዑል ጻዕሪ ክተየድ ተላቢዩ።

ፋሕ ኢሉን ዝርከብ ቁሸታትን ዓድታትን ኣብ ማእከላይ ቦታ ተጠርኒፈን ተረባሕቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክኾና ዘዘኻኸረ ኣቶ ረዘነ፡ ጽሬት ከባቢ ክውሓስን መራብሒ ጣንጡ ክድፈንን፡ ሓደ ልምድታት ክውገድ፣ ኣገልግሎት ዝህብ ትካላት ምሕበራዊ ኣገልግሎት ግቡእ ምክትታልን ዕቃበን ክግበረሉ፡ ግብሪ መሬትን ጥሪትን ድማ ኣብ እዋኑ ክኽፈል ኣተሓሳሰበ።

ተሳተፍቲ፡ ቀረብ ጋዘ ክውሓስ፣ ጉሓፍ ልዑል ቁላሕታ ክወሃቦ፣ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ጡሩ ዲጋ ክትሰርሖ. . . ዝበልን ካልእን ለበዋታት ኣቕሪቦም።

## ተሰነይ - ብርሰት ኣግራብ ክግታእ መዘኻኸሪ ቀሪቡ



ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ዘይሕጋዊ ምቑራጽ ኣግራብን ምፍሓምን ንምግታእ ዝዓለመ ንጥፈታት ንኽዕወት፡ ተራ ሕብረተሰብ፡ ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን ክዓዝዝ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ቁጽጽር ኣግራብን እንስሳ ዘቤታውን ኣቶ ተስፋማርያም በርሀ ጸዊዑ።

ኣቶ ተስፋማርያም ዝኾነ ጸውዕት'ዚ ዘቕረቡ ምስ ብርሰት ኣግራብ ኣብ ዝተተሓሓዘ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ክዋስኡ ዝጸንሑ 12 ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣብ ዝኣተዉሉ ኢጋጣሚ'ዩ።

ቀንዲ ምኽንያት ብርሰት ኣግራብ፡ ንዘቤታዊ መዓልቲ ንምስፋሕ ሕርሻን ካልእን ዝቑረጽ ምዃኑ ብምሕባር ድማ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ፋንኮ፡ ሰቲሞ፡ ታላታዓሸር፡ እንጃሓይ፡ ዓዲ-ዑመርን ዓሊ-ግድርን፡ እቲ ተርእዮ እናበኣሰ ይመጽእ ከምዘሎ ሓቢሩ።

እዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ናይ ምቁጽጻር ስራሕ ንኣባላት ቁጽጽር ኣግራብን እንስሳ ዘቤታውን ጥራይ ዝግደፍ ከምዘይኮነ ዝጠቐሰ ኣቶ ተስፋማርያም፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን ምስቶም ኣባላት ክተሓጋገዙ ተላብዩ።

ኣባል ቤት-ጽሕፈት ቁጽጽር ኣግራብን እንስሳ ዘቤታውን መንእሰይ ሓውሻይ ያቆብ ብወገኑ፡ እቲ ናይ ምዕቃብ ሃብቲ ገረብ ዕማም ዘየዳ ወጽኢታዊ ንክኸውን፡ ማቡቁላዊ ኣግራብ ብሓፈሻ ዓርኮብይ ድማ ብፍላይ ብዝበዝሐ ዝርከቦ ጎማጎም ሩባ ጋሽ ክኽላልን ግቡእ ሓለዋ ክግበረሉን ተማሕጺኑ።

# ኩርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኮለጅ ቅድሚ ምእታውና ዘገድሱና እንዶታት I

ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኣዝዩ ዘይድገም ዝመስል ብዙሕ ህይወት ነሕልፎ ኢና። እዚ ሎሚ ዘለናዮ ዕድመ ጽባሕ የለን። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ብዙሕ ንጥፈታት ምስ መማህርትና ክንሳተፍን ክንጻወትን ነዉሪ የብሉን። እኳ ደኣ ንናፍቖ ግዜ ኢና እነሕልፍ። እናደለኻዮ ዘይምለስ'ዩ። ኣብ ሰራሕ ዓለም ዝርከቡ ፈለጥትና ኣብ ናይ ትምህርቲ ህይወቶም ብናፍቖት ዝዝክርዎ ኣየናይ ምዃኑ ንሕተቶም። ብርግጽ ዝበዝሑ ንካልኣይ ደረጃ ክጠቕሱ እዮም። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዓይኖም ዓሚቶም ዘሕለፍዎ እንተ ዀይኖም ከኣ ብጣዕሳ ዝዝክርዎ ክህልዎም እዩ። እቲ መቐረት ካልኣይ ደረጃ ብዝላን ጸወታን ጥራይ ከም ዘይትርድእዎ ርግጸኛ እየ።

ካብ ጸወታ ዝኸልክለና የለን'ኳ እንተ ዀነ፡ ሓዳርና ከይንርስዕ ስክፍታ ይህሉ ይኸዉን፣ ሳዕስዕ'ሞ ሳዕስዕ ሓዳርካ ግን ኣይትረስዕ'ዩ ነገሩ። ኣብዚ ደረጃ እንከለና ብዙሕ ነገራት ክንፍትን ዝበለጸ እዩ። ካልኣይ ደረጃ ምስ ጥራዝና ተፋጢጥና ጥራይ ከነሕልፉ ግድን ኣይኮነን። ብዙሕ መኣዝናት ህይወት፡ ኣተሓሳስባ፡ ናብራን ካልእን ፈትሽና እንተ ሓለፍና ኣይጽላእን። ካልኣይ ደረጃ ናይ ተመኩሮ መኣዲ እያ። ነፍሲ-ወከፍ ተመሃራይ ናቱ ብልጫን ሓይልን ኣለዎ። እዚ ብልጫን ሓይልን ባዕሉ "ኣብዚ ኣለኹ፡" ክብለና ስለ ዘይክእል፡ ባዕልና ሓኺኹት ኢልና ክንረኽቦ'ዩ ዘለና። ንገለ ሰብ ኣብ ቀዳማይ ስጉምቱ ክጸንሖ እንከሎ፡ ነቲ መገዲ ዘግፈሐ ከኣ ነዊሕ ምስ ተጓዕዘ ይረኽቦ። እዚ ትዕድልትና ኣለሊና እንተ ጽዒርና ክንዕወት ዝቐለለ ይገብሮ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንከለና እቲ ናትና እንብሎ እንተ ዘይኣለሊና፡ ጻዕርና ክነውሕ ይኽእል እዩ፣ ኣብ ኮለጅ ኣቲና ንመርጾ ዓውዲ ከወላልውለና እውን ይኽእል።



ኣብ ኮለጅ ምስ ኣተነ ኣካይዳና፡ ኣገባብ መጽናዕትና፡ ኣጠቓቕማ ግዜናን ካልኦትን ክንቅይር ንግደድ ኢና። ኣብ ኮለጅ ምምሃር ብዙሕ ነገራት ኣጠቓሊልካ ክትከይድ ምኽኣል እዩ። ዝበዝሓ ኮለጃትና ካብ ከተማ ውጽእ ኣብ ዝበለ ከባቢታት ተደኲነን ይርከባ። ኣብ ኮለጅ ክንመሃር እንከለና ካብ ሕብረተሰብና እልይ ኢልና ኢና እንመሃር። ኣብ ሕብረተሰብካ ተሓዊስካ ትኸይድ እንተ'ለኻ ኣበርኩቶኻ ኣበይ ክኸውን ምዃኑ ክትዝንግዕ ትኽእል ኢኻ። ኣድህቦኻ ኣብ ትምህርቲ ጥራይ ኰይኑ ተሕልፎ ዓመታት ካብቲ ንቡር ኣካይዳ ሕብረተሰብካ የውጻኣካ። ትምህርትና ወዲእና ናብ ሕብረተሰብ ኣብ ንሕወሰሉ ግዜ፡ ካብ ካባቢና ዝተፈልየ ኣረኣእያ ክህልወና እንከሎ፡ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝተለምዱ ዝተፈላለዩ መዳያት ፍልይ ኢልካ ክትርእዮም ስለ እትጸንሕ ክተለልዮምን ክትገብሮ ትኽእል ለውጢ ክትፈልጦን ትኽእል። ኣበርክቶኻ ኸኣ ከም ጸሓይ በሪሁ "በዚ ኣለኹ፡" ክብለካ ይኽእል። ዘየድሊ ልምድኻ ክትኣሊ ኵሉ ሳዕ ቀሩብ ይኹብድ'ኳ እንተ ኾነ፡ ንዕኡ ዘምክን ትብዓት፡ ጥበብን ሓይልን ኣስኢቓን ክሰዳኻ ሓለፍነት እተን ኮለጃት እዩ።

ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ምስ ዛዘምና ናይ ትምህርቲ ህይወትና ከምቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ኣይኮነን ዝኸውን። ካብኡ ናብኡ ኣብ 12 ክፍሊ (ዋርሳይ ይካኣሎ)'ኳ ብኽፊል ኢና ክንቅየር ዘድልየና። ኣብዚ ቀረባ ቅንያት ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ኣፋኒና፡ ዓሚ ዘፋነናዮም ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ዝወድኡ ኣሕዋትና ክንቅበል ጸኒሕና። ዋርሳይ ይካኣሎ ከም መሰጋገሪ ካልኣይ ደረጃን ኮለጃትን ጥራይ ኣይኮነትን። ኣገባብ ኣጸናንዓን ኣብ ህይወት ኮለጅ'ውን ከም መንጠሪ ባይታ፡ መላመዲትን መዳለዊትን ክንብላ ንኽእል። ኣብ ካልኣይ ደረጃን ኮለጅ ምስ ኣተናን ክንረኽቦም ንኽእል ፍልልይ ንሎሚ ንገለ ቁንጪልና ክንርኢ ክንፍትን እሞ ኣብ ዝመጽእ ሕታማትና ኸኣ ብዝያዳ እናኣዕመቕናዮ ክንከይድ ኢና።

1. ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንከለና ግዜ ብኻልኦት ተሰሪዑ'ዩ ዝወሃብ።

- ኣብ ኮለጅ ግን ግዜኻ ባዕልኻ ኢኻ ትሰርዖ።

2. እትመሃረሉ ክፍለ ግዜ ተሰሪዕልካ ኢኻ ትመሃር።

- ኣብ ኮለጅ ግን ምስ መምህርካ ተሰማሚዕካ ዝሓሸ ግዜ ክትመርጽ ትኽእል።

3. ኣብ ካልኣይ ደረጃ ፍኹስ ዝበለ መጽናዕትን ዕዮን ኢኻ እትሰርሕ።

- ኣብ ኮለጅ ግን ኣብ ክፍልን ድሕሪኡን ዝበዝሐ ግዜ ኣብ መጽናዕትን ዕዮታት ምስራሕን ኢኻ ተሕልፎ።

4. ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝበዝሐ ፍልጠት ካብ መምህርካ ኢኻ ትረኽቦ።

- ኣብ ኮለጅ ግን መምህር ኣፍደገ ጥራይ'ዩ ዝኸፍተልካ፣ እቲ ዝበዝሐ ባዕኻ ኢኻ ትመሃሮ እዩ።

5. ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ሓደ ክፍለ ግዜ ሓንቲ ንእሽተይ ኣርእስቲ ኢና ንመሃር።

- ኣብ ኮለጅ ግን ኣብ ሓደ ክፍለ ግዜ ሓደ ሰፊሕ ምዕራፍ ኢና ክንመሃር።

6. ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝተማሃርካዮ ሓቅታት ወይ ኣምራት ምዝካር ጥራይ ይኣኽለካ ይኸውን እዩ።

- ኣብ ኮለጅ ግን ኣብ ርእሲ'ቲ ምዝካርካ፡ ነቲ ትረኽቦ ኣዝዩ ብዙሕ ሓበሬታ መርሚርካ፡ ኣገናዚብካ፡ ርትዒ ክትረኽበሉ፡ ብቓሊሉ ክትገልጾን ፍልጠትካ ክትገብሮን ክትክእል የድልየካ።

7. ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንገብሮ ፈተና ቀጻልን ዳርጋ ኣብ ሓደ ኣርእስቲ ዘተኰረ ኰይኑ፡ ክንሸፍኖ ዘለና መጽናዕቲ ውሑድ እዩ።

- ኣብ ኮለጅ ግን እቲ ዝዳሎ ፈተና ኣብ ነዊሕ ዝካየድ ኰይኑ፡ ዝሸፍኖ ምዕራፋት ከኣ ሰፊሕ እዩ። ዝበዝሐ እዋን ኣብ ፍርቂ ሓደ ሰሚስተርን መዛዘሚ ሰሚስተርን'ዩ ዝካየድ።

8. ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንከለና ሓንቲ ክፍሊ እንተ ቐጺዕና ወይ እንተ ኣብኲርና መምህራንና ከጠንቅቑናን ዝሓለፈና ትምህርቲ ክሕግዙናን ይኽእሉ።

- ኣብ ኮለጅ ግን ናብ ክፍልኻ ባዕልኻ ክትመጽእ ክድርኸካ ጥራይ'ዩ ዝጽዕር።

9. ኣብ ትምህርትኻ ድኻም እንተ ኣርኢኻ መምህርካ ጸገምካ ክሓተካን ተማሓይሸሉ መገዲ ክነግረካን ይኽእል ይኸውን።

- ኣብ ኮለጅ ግን ናይ ነብስኻ ሓላፍነት ባዕልኻ ስለ እትስከም፡ ባዕልኻ ንመምህርካ ረኺብካ ጸገምካ ከተካፍሎን ሓገዝ ወይ ምኽሪ ክትሓቶን ኣለካ።

10. ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንከለና ጥራዝና ብምጽናዕ ጥራይ ብሉጻት ተመሃሮ ክንከውን ጸገም የብሉን። ኣብ ኮለጅ ግን ዝተፈላለዩ መጽናዕቲ፡ ኖት ናይ ዝተፈላለዩ መምህራን፡ ጠባይ ኣደላልዋ ሕቶ ዝተፈላለዩ መምህራንን ካልእን ከተጽንዕ የድልየካ።

ኣብ ካልኣይ ደረጃን ኮለጅን ክንረኽቦ እንኽእል ፍልልይ ገለ ነዚ ይመስል። ኣብ ዝመጽእ ሕታማትና ኸኣ ካልኦት ኣብ ኮለጅ ክሕድሹና ዝኽእሉ ከነቕርበልኩም ኢና። ዘፈላልዮምሲ ጠቒስና ኣለና ዘመሳስሎምከ ዝብል ሕቶ ክመጽኣና ይኽእል እዩ። ዝመጽእ ሕታማትና ተኸታተሉ።

## ዝወዓለ ይንገር !

### "ኮለጅ ኣብ ጸድፊ ዘላ መሳገሪ'ያ።"

ኮለጅ መቐጸልታ ካልኣይ ደረጃ ኰይኑ ጥራይ'ዩ ዝስመዓኒ። ኣብ ኮለጅ ብዙሕ ምስራሕን ቀልጣፈን የድልየካ ይኸውን እዩ። ኣብ ኮለጅ ብዙሕ ናጽነት ኣሎ፣ ብዙሕ ዕንወት ከኣ ኣሎ። ኣብ ኮለጅ ሚዛንካ ሓሊኻ ክትከይድ የድልየካ'ዩ። ንኮለጅ ከም ሓንቲ ዕንጨይቲ መስገሪ ዘለዋ ጸድፊ ክንወስዳ ንኽእል ኢና። ነዛ ገደል ክትሰግር እንተ ኼንካ ኣብታ ቀጣን መሳገሪት ዕንጸይቲ ሚዛንካ ሓሊኻ ክትሰግር ኣለካ። ነቲ ዘለካ ናጽነት ክትቈጻጸሮ፡ ነቲ ዘልካ ግዜ ከተካውኖ፡ ንዘለካ ኣገባብ ኣጸናንዓ ክትምርምሮ፡ ንዝህልወካ ጸቕጢ ከተጉድሎ፡ ዕረፍትኻ ጽቡቕ ጌርካ ክትዛናግዓሉን ከተዕርፈሉን ክትገብር ኣለካ። ነዚ ኹሉ ብዙሕ ነገራትካ ብሓንቲ መገዲ ከተኺዶ ኣለካ። በዛ ሓንቲ መሳገሪት ኵሎም ዝግበኦም ከየውሓድካ - ከየብዛሕካ ክትከይድ እንተ ዘይክኢልካ፡ እታ ዕንጨይቲ ሸተት ክትብለካ ትኽእል እያ። እዛ ኣብዛ እዋን ሸተት ትብላ ኸኣ ብዙሕ ሸንኰለል ከተብለካ ትኽእል እያ። ኣብ ጉዕዞ ህይወት ትምህርተይ፡ ብፍላይ ኣብ ኮለጅ ዝተመኩርኩዎ እዚ እዩ። ኵልና በብመነጸርና ስለ እንርእዮ፡ ናይ ዝበዝሑ ብተመሳሳሊ ደረጃ ዝሓለፉን ዝሓልፉ ዘለውን ተመኩሮ በብይኑ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዓምዲ ኵርናዕ ተመሃሮ፡ ነዚ ተመኩሮታት፡ ናብ ኮለጅ ንዝጽምበሩ ሓደስቲ ኣመት ክትህብ ካብ ኣንቀለት ዝወዓልኩዎ ክነግር ኣይተሃከኹን፣ የቐንየለይ

ብርሃነ ተኸለብርሃን - ኣስመራ

ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ንፉዕ መምህር ዝብሃል፡

እቲ ንተመሃሮኡ ካብ ጽልዋኡ ዝከላኸለሎም እዩ፡"

- Bruce Lee

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጹ ጥቕሲ

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ኣስፍሃ ተኸለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.200454-07121322

**ምልክታ**

ቍስ 125013 - ቍሳጸ 1284

# “ኣባላት ሓይሊ ኣየር ኣብ ኣመጋግባኦም ዓሳ ከዘውትሩ ንሰርሓሉ ኣለና” ካፒተን ዑመር መሓመድ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)
ስእሊ፦ ኣብርሃም በየነ


ካፒተን ዑመር መሓመድ

ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ መደበር ሓይሊ ኣየር ፈንቅል-ባጽዕ ብኣባላት ናይ ዝዕመሙ ዘለዉ ብርክት ዝበሉ መደባት ልምዓት በዞባዊ ከአንግድ ምጽናሕና ይፍለጥ። ንሎሚ ድማ ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ባሕሪን ወፍራታትን ዝዕመሙ ንጥፈታት ብዝምልከት፡ ምስ ሓላፊ እቲ ጨንፈር ካፒተን ዑመር መሓመድ ናይ ዘካየድናዮ ዕላል ጽማቕ ናባኹም ነብለ።

ዓሳ ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ መግቢ ዘለዎ እንኸሎ፡ ከንዲ ዝኸውን ህዝቢ ጥቕሚን ረብሓን ስጋ ዓሳ ብዝበጽሐ ክፈልጥ ስለ ዘለዎ፡ ዓሳታት ኣብ ዝራብሓሉን ከባቢ ማያውያን ኣካላት ዝነብር ህዝቢ እቲ ብቐዳምነት ክረብሕ ዘለዎ እዩ። ድሕነት ብዝሓለወ ግን ከኣ ብቐጻሊ እናገፈፍካ ናብ ተጠቀምቲ ዝቐርበሉ ኣገባብ ክህሉ ቀጻሊ ስልጠናታት የድሊ። ዓሳ ካብ ማይ ወጺኡ ኣብ መዓላ መግቢ ደቂ-



ሰብ ቀደሚ ምውዓሉ፡ ኣቐዲሞም ክፍለዉ ወይ እውን ክግልኡ ዘለዎም ስርሓት (ካሪራት) ብዙሓት እዮም። ጃልባ፡ መድሕን ጃኬት፡ መቕዘፊ ዓሳ፡ ሰከይት መገፈፊ፡ ፍሪጅ፡ መሽጢ ቦታ ወዘተ. ክጥቀሱ ዝኽእሉ ኣበታት እዮም።

ህዝቢ ጥዕናኡ ዝተረጋገጸ ቀረብ ዓሳ ንኽበጽሖ፡ ኣብ ባሕሪ ጥራይ ከይተደረተ ኣብ ዲጋታት ሕርሻ ዓሳ ጥዑም ማይ ኣተኣታቲኻ፡ ካብ ጸልዋ ባሕሪ ርሒቑ ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝቢ ተመጋቢ ዓሳ ንምግባር እቲ ካልእ ገጽ ዕላማን ንጥፈታትን ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ እዩ። ንትግባረኡ ብዝምልከት ከኣ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ከካይድ ጸኒሑን ኣሎን። ከም ኣካል ናይ'ዚ፡ እቲ ሚኒስትሪ ምስ መሻርኽቲ ብምውህሃድ ዘካይዶ ንጥፈታት፡ ብመንገዲ ጨናፍራቱ ኣብ ዞባታት ዘድሊ ምኽሪን ምትሕብባርን ከካይድ ምጽንሑን ምህላዉን ይገልጽ።

መደበር ሓይሊ ኣየር ፈንቅል፡ ዝተደኮነሉ ከባቢ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እንተውሓደ ኣባላቱ ኣብ ዕለታዊ መግቦም ዓሳ ክሕውሱ ጨንፈር ትምህርቲ ባሕሪን ወፍራታትን ኣብ ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳን ወጽኢቱን ኣተኲሩ ክዩ። ቀደሚ ገለ ዓመታት ዕማም ኣበገሰ።

ንጥፈታት ባሕሪን ትምህርቲን ክበሃል እንከሎ፡ ፈለማ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣእምሮ ሰብ ዝመጽእ፡ ዜጋታት ብኸመይ ጸጋታት ባሕሪን ገማግሙን ይጥቀሙ ዝብል መሰረታዊ ሕቶ እዩ። ንሕና'ኸ ንሰፊሕ ባሕርናን ገማግሙን ከምቲ ዝድለ ክንጥቀመሉ ክኢልናዶ?

ብመሰረት መግለጺ ካፒተን ዑመር፡ ሓይሊ ኣየር፡ ኣብ ባሕሪን ካልእን ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት፡ ዝኸውን ኣባል፡ ናይ ምሕንባስን ናይ ምግፋፍን መሰረታዊ ፍልጠት ክህልዎ ኣለዎ። ነዚ ከውን ንምግባር ከኣ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኣብ ዝሰላሰል ንጥፈታት ንዝሳተፉ ኣባላት መሰረታዊ ትምህርቲን ስልጠናታትን ባሕሪ ይወሃብ። ባህሪ ባሕሪ ንምፍላጥ ድማ መጽናዕቲ የድሊ። ሓይሊ ኣየር ካብዚ ብምብጋስ፡ ህዝቢን መንግስቲን ተረባሕቲ ጸጋ ባሕርና ንምግባር፡ ተበግሶ ወሲዱ ይሰርሓሉ ኣሎ። በዚም ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝዓበዩን ተሞክሮ ዘጽንሖምን ኣባላት ከኣ ኑቲ ትምህርቲ ባሕሪ ጀሚሮም። እቲ ዝተወሃበ ትምህርቲ ድማ ጸቡቕ ወጽኢት ተረኺብዎ። ነዚ መሰረት ገይሩ ከኣ ጨንፈር ትምህርቲ ባሕሪን ወፍራታትን፡ ኣብ ድሕነትን ፍልጠትን ባሕሪ ዘድሃበ፡ ድሕነቱን ውሕስነቱን ዘረጋገጸ ናይ ምሕንባስን ካልእን ስልጠናታት ቀጺሉ።

ሓደ ሰብ፡ ናይ ምሕንባስን ምግፋፍ ዓሳን ፍልጠት እንተደኣ ቀሲሙ፡ ፍልጠቱ ንኻልእ ሰብ ከመሓላልፍ ጸገም የብሉን። ብኸም'ዚ ከኣ ሓይሊ ኣየር፡ ዓቕሚ ሰብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዕበየ ክኸይድ ጸኒሑን ኣሎን። ከምዚ ዝበለ ኣብ ልምዓት ዘተኩረ ወፍሪ ኣብ ምዕባለ ሓንቲ ሃገር ልዑል ግደ እዩ ዝጻወት። ኩሉ ኣባል ድማ ነዚ ፈለጡ ዝጥፈሉ ዕማም እዩ፡ “ጸጋታት ባሕርና ክንጥቀመሉ ክንሰርሕ ኣለና” ዝብል ብኣዘዙረን ኣመሓደርቲን ሓይሊ ኣየር ዝተበገሰ ወፍሪ ትምህርትን ስልጠናን ብኸምቲ ዝጀመሮ ብጽቡቕ ይቕጽልን ዘተባብዕ ዓወት ይረኣኣጸፍሉን ብምህላዎም፡ በዚ ተተባቢዖም ድማ ብዝሰፍሐ ክቕጽልዎ ሰፊሕ መደብ ሓምሻዶም ደሰርሕሉ ምህላዎም ሓበሬታ ካፒተን ዑመር የረድእ።

ባሕሪ ብእግርኻ ገዲፍካ ዘይትኸዶ ወዲቕካ እውን ትትንስኣሉ ኣይኮነን። ስለዝኾነ ዝመልኮ ሰብ ጥራይ ክዕጥፈሉ ከምዝለዎ ኣየማትን። ሓይሊ ኣየር ኣብ ባሕሪ ጀሚርዎ ዘሎ ትምህርቲ ባሕሪን ወፍራታቱን ብኸምቲ ዝደልዮ ክዕውተሉ ብዙሕ ስራሕ ከምዝድለ ዘራብ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ብሕልፊ ኣብ'ዮም ባሕሪ ርእዮም ዘይፈልጡ መንእሰያት፡ እንታይ ዓይነት ወፍሪ ከካይድ ጸኒሑ? ዝረኸቦ ወጽኢትከ ብኸመይ ይግለጽ? ንካፒተን ዑመር ተወከስናዮ።

ብመሰረት መብርሂ ካፒተን ዑመር፡ ዝበዝሑ ካብ ዞባታት ሃገርና ዝመጽኡ መንእሰያት ኣፍልጦኦም ኣብ ባሕሪ ተመሳሳሊ ኮይኑ፡ ንባሕሪ ሓደስቲ እዮም። ካብዚ ብምብጋስ፡ ብኽልስ ሓሳብን ግብራን ብዛዕባ ባህሪ ባሕሪ ክፈልጡን ኣብቲ ዝወሃቦም ትምህርቲን ስልጠናን ዕዉታት ኮይኖም ክወጹኡን ምእንቲ፡ ኣብ ፈለማ ብኣካልን ኣእምሮን ድሉዋት ምኻኖም ምርግጋጽ እዩ። ናይ'ዚ ኣበነት፡ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ፡ ካፒተን ዑመር፡ ብዛዕባ ባሕሪ ሓንቲ ኣፍልጦ ዘይነበሮም 120 ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝመጽኡ ኣባላት ሓይሊ ኣየር ሒዙ፡ ናብ ደሴታት ዳህላክ፡ ንርዋን ደርስሎም ንኣስታት 7 ወርሒ 6 ወፍራታት ብምክያድ ክልሱ-ሓሳባውን ግብራዊን ትምህርቲ ባሕሪን ስልጠናታትን ከምዝቐሰሙ ከምዝገበረ ኣረዲኡ።

እቲ ወፍሪ ናይቶም መንእሰያት ኣፍልጦ ብዛዕባ ባሕሪ ክነብ ኣብ ምግል ዕዙዝ ግደ ከምዘበርከተ ዝጠቐሰ ካፒተን ዑመር፡ ባህርያቱን ከኣታቱን እንተድኣ ኣጸኒዕካ ትምህርቲ ባሕሪ ብቐሊሉ ዝልመድ ኩይኑ ከምዝረኸብዎ ስልጠነቲ ባዕሎም ዝምስክርዎ እዩ ይብል። ክሳብ ሕጂ 180 ኣባላት ብምእካል መንገዲ ብደረጃ መዓርግ ካፒተንን ካልእን ሰልጢኖም ምህላዎም ዝሓበረ ካፒተን ዑመር፡ 20 ዓለም-ለኻዊ ደረጃ መዓርግ ካፒተን ዘለዎም፡ ዝተረፉ ከኣ ባህላውያን ንኣሽቱ ጀላቡ (ናኹዳታት) ክሕዙ ዝኽእሉ ዝርከብዎም፡ ልዕሊ 30 ባሕረኛታት ምስኡ ምህላዎም ኣረዲኡ።


ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ኣብ ኣስመራን ኣብ መደበር ሓይሊ ኣየር ፈንቅል-ባጽዕን ዝርከቡ ኣባላቱ፡ ኣብ ዕለታዊ መግቦም ዓሳ ክጥቀሙ፡ ካብ 2008 ብሓንቲ ጃልባ ክንቀሳቐስ ጀሚሩ። ነዚ ከውን ንምግባር፡ ኣብቲ እዋን ዝወጸ መምርሒ ነይሩ። እቲ መምርሒ ከምቲ ካብ ኣሉ እውን ዝተጠቕሰ፡ “ኩሉ ኣባል ሓይሊ ኣየር፡ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ምግፋፍን ምምጋብን ዓሳ፡ ከምኡ'ውን ናይ ምሕንባስ ልምዲ ክህልዎ” ዝብል እዩ። በዚ መሰረት፡ ኣብ መደበር ሓይሊ ኣየር ፈንቅል ዝርከቡ ኣባላት፡ ካብ 2008 ጀሚሮም ዓሳ ክምገቡ ጸኒሖም። ካብ 2018 ከኣ ዝርጋሐኡ ኣስመራ ናብ ዝርከቡ ኣባላቱ ከበጽሕ ክኢሉ።

ዕላማ ጨንፈር ትምህርቲ ባሕሪን ወፍራታትን ሓይሊ ኣየር፡ “ሕብረተ-ሰብና ዓሳ ብሕሱር ዋጋ ረኺቡ ብኸመይ ይጥቀም” ዝብል'ዩ። በዚ ድማ ከይተሓለለ ይሰርሕ ምህላዉ መግለጺ ካፒተን ዑመር የጽርፅ፡ ኣባላት እዚ ጨንፈር ካልእ ዕማም ከለዎም እዮም ነዚ ንጥፈታት'ዚ ዘካይድዎ። ዋላ'ኳ ተደራቢ ስራሕ ክበደት እንተለዎ፡ ኣብ ኤርትራ ግን ከቢድ ዝበሃል ስራሕ የልቦን። ኣባላት ሓይሊ ኣየር ከኣ ነዚ ብደሆ'ዚ ንምስጋር ብምሉእ ርእሰ ተኣማንነት ኣብ ምንቅስቓስ ይርከቡ።

ሓይሊ ኣየር፡ በዚ ቀደሚ 15 ዓመት ዘጠኖ ትምህርቲ ባሕሪን ወፍራታትን፡ ኣብ ኣባላት እኹል ኣፍልጦ ባሕሪ ተደሊቡ ምህላዉ ካፒተን ዑመር ይገልጽ። ነዚ ወፍሪ'ዚ ንምዕዋት፡ ዓጢቑወን ዝርከብ ጀላቡን ደረጃ ብቕዓተንን ብዝምልከት፡ ክሳብ ሕጂ ዘለዋኦም ጀላቡ ሰለስተ ኮይነን፡ ሓንቲ ዓባይ፡ ክልተ ንኣሽቱ እየን። እተን ክልተ ንኣሽቱ፡ መዓልታዊ 20 ኩንታል ዝግመት ዓሳ ብምግፋፍ ንኽልቲኡ መደበራት ኣቕርቦት ዓሳ ኣብ ምውሓስ ዝርከብ እየን። ምስ ዓቕሚ ሰብ ምስ እከጻጽረን ኩኡ፡ ን20 ዝኸና ዓበይቲን ማእከላይን ደረጃ ዘለወን ናኹዳታት ክመርሐ ዝኽእሉ ዝሰልጠኑ ኣባላት ኣለዉ። እንተኾነ፡ እቲ ጨንፈር ዓጢቑወን ዘሎ ጀላቡ፡ ምስ ዓቕሚ ሰብን ተደሊቡ ምስ ዘሎ ተሞክሮን ዘይከዳ ውሑዳት እየን። ንሶም ግን፡ “ንሕና ምሉእ ዓቕሚ ሰብ ኣለና። 20 ጀላቡ ኣይኮነን ልዕሊኡን ሒዝና ክንወፍር ዓቕሚ ኣለና” በሃልቲ እዮም።

ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ጨንፈር ትምህርቲ ባሕሪን ወፍራታትን ሓይሊ ኣየር፡ ጀሚሩዎ ዘሎ ስራሕ ስልጠናን ትምህርቲ ባሕሪን ኣብ መስርሕ ዘጋጥሙ ብድሆታትን ጸገማትን ብዘከኣሎ እናፈትሐ፡ ብልዑል ወኒ ክቕጽሎ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።





# ንኣፍልጦ

ሓበን ተስፋሚካኤል

## ዘረባ ሰብ ምኽላፍ. . .



‘ኣብ መንጎ ዘረባይ ኣይትእቶ ወይ ኣይትኸልፈኒ’ ዝብል ዘረባታት ንሰምዕ ኢና። ምልእ ሓሳቦት ናይ ሓደ ኣርእስቲ ከይተወድአ፡ ኣብ መንጎ ብምኽላፍን ጫፍ ሒዝካ ብምዝራብን፡ እቲ ምብህሃል ዕዉትን ኣድማዕን ክኸውን ኣይክእልን። እዚ ከኣ ኑቲ ክንብሎ ዝሓሰብና ጉዳያትና፡ ብናይ’ቲ ኣብ መንጎ ዝመጽእ ዘረባታት ተበጊስና ኢና ዘረባና ክንቅጽሎ እንግደድ። ኣብ መንጎ ዘረባ ምኽላፍ እንተበዚሑ፡ እቲ ምብህሃል ካብ ምብህሃል ናብ ክትዑ፡ ካብ ክትዕ ናብ ዓው-ዓው፡ ከምኡ እናበለ ናብ ባእሲ ክዓርግ ይኽእል።

ዘረባ ናይ ምኽላፍ ልምዲ ዘለዎም ሰባት፡ ህዉኽት፡ ሓሳባት ካልኦት ኣብ ምቕባል ዘሸገሩ፡ ካብ ብዙሕ ምስማዕ ብዙሕ ምዝራብ ዝፈትዉ፡ ንብዮናም ክሰምዑን ኣደነህ ክረኽቡን ዝደልዩን ካልእን እዮም። ምስ ከም’ዚም ዝተጠቕሱ ባህርያት ዘውንኡ ሰባት ምብህሃል ኣሸጋሪ እዩ። ምስኦም ዝምድና ዘለዎም ሰባት’ውን ኣብ ጥዕናኦምን ዝምድናኦምን ሰላምን ቅሳነትን የብሎምን። ካብ’ቲ ዝኸልፍ ዘሎ፡ እቲ ዝተኸልፈ ዓቕሉ ስለዝወድእ፡ ምስ’ቲ ዝኸልፍ ዘሎ ብዙሕ ግዜ ምስ ዝሕልፍ፡ ምስ ግዜ ኣብ ጥዕናኡ ጸገም ክምጽእ ይጅምር።

ቡቲ ናይ ዝኸልፍ ዘሎ ሰብ ወገን እንተ ርኢናዮ ድማ፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወቱ ምናልባት’ኳ እቶም ክጻወርዎ ዝኽእሉ እንተተዓገስዎ፡ እቲ ናይ ዘረባ ምኽላፍ ባህሪኡ ግን ብሰባት ክጽልኣን ተቐባልነት ከስእኖን ይኽእል። ስለዚ፡ ኣብ መንጎ ዘረባ እናኣተኻ፡ ናትካ ጥራይ ምዝራብን ምኽላፍን ዘምጽኦ ረቡሓ ስለዘየለ ዓቕሊ ገይርና ሃዲእና ክንሰምዕ ንፈትን።

ዓቕሊ ገይርና ክንሰምዕ ዝሕግዙና ነጥብታት

1. ንብስና ከለዓዕላ ንፈትን። እዚ ማለት ኩሉ ግዜ ክንሰምዕ እንኽእልና ኑቲ ዝበሃለና ዘሎ ሓሳብ ብንጹህ ልብን ብዙተረጋግአ መንፈስን ክንሰምዖ ንፈትን። እዚ እንተገይርና ኣመዚጊና ክንምልስ ኣይክንጽገምን ኢና።

2. ኑቲ እንሰምዖ ሰብ ክንክኡልፎ እንተጀሚርና፡ ኣብኡ ዘለና ክብረት ነጐድል ከም ዘለና ንገንዘብ። ስለዚ ንኽብረት ካልኦት ኣብ ግምት እናኣእተና ክንሰምዕ ንለማመድ።

3. ከም’ቲ ኩሉ ድሕሪ ጥዕና ዝሰርሑ፡ ጥዕናና ከለውሕስ፡ ኣብ’ቲ እዥሪዶ ምብህሃል ምኽልላፍ ከይህልዎ’ሞ፡ ናብ ክትዕን ቁጥዐን ሰጊሩ መታን ከየሕምመና፡ ህዱእ ዝኾነ ምዝርራብ ከሃሊይድ ጥዕናናን ጥዕና ካልኦትን ኣብ ግምት እናኣእተና ንስማዕ።

4. ምስ መን ንዛረብን ሓሳብና ንለዋወጥን ከም ዘለና ንስተብህል። እዚ ማለት፡ ዕድሜ፡ ሕሉፍን ህልውን ኩነታት ናይ’ቲ ምሳና ዝዛረብ ዘሎ ሰብ ክገድሰና እዩ። ንኣብነት፡ ምስ ብዕድመ ዝደፍአ ሰብ ንዛረብ ምስ እንህሉ፡ ክንሰምዖ ጥራይ ኢልና ኣይንጸቡ። እኳ ደኣ መብዝሕትኦም ብዕድመ ዓበይቲን ሽማግለታትን፡ ክሰምዑ ጥራይ ስለዝደልዩ፡ ክንክውልፎም ምስ ንፍትን፡ ንደፍርምን ንንዕቆምን ዘለና ኩይኑ እዩ ዝስምዖም። ዕድመኦም ኣብ ግምት እናኣእተና ምስ ንዛረብን ንሰምዖን ግና፡ ጥዕናኦምን ጥዕናናን ክንሕሉ ንኽእል። ሕሉፍን ህልውን ኩነታት ናይ ህይወት ምርዳእ’ውን ኣገዳሲ እዩ። እዚ፡ ምናልባት ብዛዕባ እንዛረቦ ዘለና ጉዳይ ምስ’ቲ ህይወት መዛርብትና ዝተሓሓዝ ምስ ዝኸውን፡ ሃሳይ ቃላት ተጠቒምና ንዙሓለፈን ህሉውን ኩነታቱ ዝጐድእ ዘረባ ከይንዛረብ ምስትውዓል የድሊ። ምስትውዓል ዘለዎ ምዝርራብ ምስ እዘውትር፡ ኑቲ ዘለና ዝምድና ካብ ምልሕላሕ ይከላኸለልና።

5. ኣብ መውዳእታ፡ ኣብ መንጎ ምኽላፍ ከም ኣመል ኩይኑ ዘሸግረና ምስ ዝኸውን፡ ምስ ሰባት ኣብ እንእከቦሉ ኣጋጣሚታት፡ ሓይልና ኣብ ሰቕ ምባልን ህድኣትን ክኸውን ንለማመድ። በዚ መንገዲ፡ ኑቲ ናይ ምኽላፍ ባህሪና ክንቅይሮ ንኽእል ኢና።

## ኣጋጢሙዶ ትብልዎ?

### እታ ሽማግለ ሰበይቲ



ኣሊስ ፕላይስ ዝተባህለት ኣደ፡ ኣብ ገምገም ቀላይ ኮይና እናተዘናገዐት፡ ሮጀር ላውዝ ዝተባህለ ህጻን ይጥሕል ከም ዘሎ ድሕሪ ምስትውዓላ፡ ተቐላጢፋ ከተድሕኖ ተጓየየት፣ ኣድሓኑቶ’ውን። ድሕሪ 20 ዓመታት ናይ’ዚ ፍጻመ፡ ሮጀር ኀበዙ ኣብ’ቲ ቀላይ እናሓንበሰ እንከሎ፡ ንሓንቲ ብማዕበል ተደፊኣ እትጥሕል ዝበረት ሽማግለ ብምድሓን ዘድሊ ቀዳማይ ረዲኤት ገበረላ። እታ ሽማግለ ከተማስየኖ ምስ ደለየት፡ ብፍሽኽታ ናብ’ኣ እናጠመተ “ነታ ቅድሚ 20 ዓመት ኣብ’ዚ ቦታ ህይወተይ ዘድሓነት ኣሊስ ኣማስየኒ። ኑቲ ኣጋጣሚ ክዝክሮ ኢለ እየ ናብ’ዚ ቦታ መጺኤ ዘለኹ” በላ። እታ ሽማግለ ሰበይቲ ሰንበድ ኢላ፡ “ሮጀር ዲኻ?” በለቶ።

ሮጀር ዘድሓና ሽማግለ ሰበይቲ፡ እታ ቅድሚ 20 ዓመት ዘድሓነቶ ኢያ ነይራ። ‘ጽቡቕ ግበር፡ ንመን ንማንም’ ከም ዝተባህለ እምበኣር፡ ተመለሱ’ውን ንረብሓና ስለዝኾነ እዩ።

### እታ ካትም


ኣብ ቀላይ ሚሰሲፒ፡ መርዓውቲ ቲሞሲ ጁድን በዓልቲ ቤቱ ሂላሪን እናሓንበሱ እንከለዉ፡ እታ ኣብ ኢድ ሂላሪ ዝበረት ካትም ቃልኪዳን ሸተት ኢላ ኣብ’ቲ ቀላይ ጡሓለት። ሂላሪ፡ በዚ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኣዚያ ጉሃየት። ድሕሪ ሸውዓተ ዓመታት ግን፡ ክልቲኦም መጻምድቲ ምስ ሰለስተ ደቆም ኣብ’ቲ ቀላይ እናሓንበሱ፡ ወዲ ሸውዓተ ዓመት በኹሪ ውላዶም፡ ሓደ ዓቢ ዓሳ ይገፍፍ’ሞ፡ ኩሎም በዚ ተሓጒሶም ናብ ገዛኦም እናሰሉቐ ይምለሱ። ቲሞሲ ‘ባዕለይ ምሳሕ ክዳልወልኩም’የ’ ብምባል፡ ከብዲ ናይ’ቲ ዓሳ ጨዲዱ ክጽርዮ ምስ ጀመረ፡ እታ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ዝጠፍኣት ካትም ናይ በዓልቲ-ቤቱ ኣብኡ ጸንሓቶ። እዚስ ኣየገርምንዶ!

### እታ ዘይትጥሕል ነርስ

ፊዮሊት ጃሶፕ፡ ኣመሪካዊት ነርስ ኢያ። እዛ ነርስ፡ ኣብ’ታ ኣለምፒክ ዝተሰምየት መርከብ ተሳፊራ እንከላ፡ እታ መርከብ ምስ ሃውክ ዝተባህለት ካልእ መርከብ ድሕሪ ምጋጨዋ፡ ፊዮሊት ብህይወት ደሓነት። ጸኒሓ ብሪታኒካ ምስ ዝተባህለት መርከብ እናተጓዕዘት፡ እታ መርከብ ናይ ባሕሪ ነታጒ ሃሪምዋ ጡሓለት። ፊዮሊት ግና ብዘይጉድኣት ደሓነት። ኣብ ሳልሳይ ኣጋጣሚ፡ ምስ’ታ ኣብ ዓለም ብህቡብነታ እትፍለጥ መርከብ ታይታኒክ እናተጓዕዘት እንከላ፡ ታይታኒክ ብዘወረዳ ሓደጋ ምስ ጡሓለት፡ ፊዮሊት ድማ ካብ’ቶም ውሑዳት ዝደሓኑ ኰይና ተረኽበት። ድሕሪ’ዚ ኩሉ ፍጻመ፡ ፊዮሊት “እታ ዘይትጥሕል ነርስ” ዝብል መጸውዒ ቅጽል ስም ተዋህባ።

## ኣዒንቲ ኣብ ምትሕልላፍ መልእኽቲ

ኣዒንቲ፡ ካብ ካልእ ኣካላትና ዝያዳ ምስ ሓንጎልና ብቐረበት ከም ዝሰርሑ ተመራመርቲ ይሕብሩ። ኣብ ኣዒንቲ ዝተፈላለየ ስምዒታትን ምልክታትን ከም ዝንጸባረቕ’ዩ ዝገልጹ። መርመርቲ ገበናት፡ ኣዒንቲ ሓደ ካብ’ቲ ኣብ እዋን መርመራ ንተኸሰሲ ሓቅነቱ ንምፍላጥ ክሕግዞም ዝኽእል ህዋስ ምኳኑ ይነገር። ካብ ቀላሕታ ኣዒንትና ኣብ ናይ ስምዒት ከምዝመልክት ንምፍላጥ እምበኣር ዝም ሰዒቦም ዘለዉ ምልክታት ንርአ።




- **ንላዕልን ንጸጋማይ ወገን፡**
- እዚ ዓይነት ምንቅስቓስ ኣዒንቲ፡ ምስላዊ ትርኢት ንምቕራጽ ዘገልግል ምንቅስቓስ’ዩ። ንኣብነት፡ ንሓደ ሰብ “ክሰዩ ከም’ዚ ዓይነት ክዳን እንተዝለብስ እንታይ ምመሰለ ነይሩ?” ኢልካ ምስ እትሓቶ፡ ንምምላስ ዝጥቀመሉ ናይ ኣዒንቲ ምንቅስቓስ እዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ እዩ።

**- ንላዕልን የማናይ ወገን፡** እዚ ዓይነት ናይ ኣዒንቲ ምንቅስቓስ፡ ኣቐዲሙ ንዘተፈልጠ ምስሊ ከምኡ’ውን ሕብሪ ንምዝካር ዘገልግል ምንቅስቓስ እዩ። ንሓደ ሰብ፡ “ትማሊ እንታይ ዓይነት ሕብሪ ዘለዎ ክዳን ተኸዲንካ ነይርካ?” ኢልካ ምስ እትሓቶ፡ ከም’ዚ ዝተጠቕሰ ናይ ኣዒንቲ ምንቅስቓስ ገይሩ ክዘክር ይፍትን።

- **ናብ ጸጋማይ ወገን፡**
- እዚ ምንቅስቓስ ኣዒንቲ፡ ሰባት ኣብ ርእሶም ክቕርጽዎ ደልዮም ዝለዉ ድምጺ ዝሕብር ምልክት እዩ። ንኣብነት፡ ንሓደ ሰቡ ድምጺ ባቡር ምድሪ እንታይ ከም ዝመስል ምስ እትሓቶ፡ ቅድሚ ምምላሱ ኣዒንቱ ናብ ጸጋማይ ጎድኒ ከንከባልል ይርኣ።

**- ናብ የማናይ ወገን፡** እዚ’ውን ብተዛማዲ ንሓደ ንፈልጦ ድምጺ ክንደግሞ ኣብ እንሕተተሉ እዋን እንገብሮ ናይ ዓይኒ ምንቅስቓስ’ዩ። ሓደ ፍሉጥ ደርፊ ክንደርፍ ምስ እንሕተት ቅድሚ መልሲ ምሃብና ዚ ዓይነት ምንቅስቓስ ናይ ኣዒንቲ ነካይድ።

**- ካብ ታሕቲ ናብ ጸጋም፡** እዚ ዓይነት ምንቅስቓስ፡ ሰባት ዝፈልጥዎ ነገራት ንምስትምቓር ወይ’ውን ኑቲ ምስትምቓር ንምዝኻር ዝንበርዎ ናይ ዓይኒ ቁላሕታ’ዩ። ሓደ ሰብ መቐረት ኣቐዲሙ ዝበልዖ መግቢ ምስ ዝሕተት ቅድሚ ምምላሱ ከም’ዚ ዝተጠቕሰ ኣዒንቱ ካብ ታሕቲ ናብ ጸጋም የንቀሳቕሰ።

**- ካብ ታሕቲ ናብ የማናይ ጎድኒ፡** እዚ ዓይነት ምንቅስቓስ ኣዒንቲ ድማ፡ ምስ ገዛእ-ርእሰኻ እትገብሮ ምዝርራብ’ዩ ዘመልክት። ዚ ዓይነት ምልክት ምስ እነካይድ፡ ምስ ገዛእ ርእስና ኣብ ሓደ ሓሳብ ተጸሚድና ምህላውና የመልክት።

### ሓቅታት ብዛዕባ ኣዒንቲ

- ሓደ ሰብ ክሰዕብ እንከሎ፡ እታ ናይ መጀመርታ ንብዒት ብየማናይቲ ዓይኑ እንተጀሚራ እቲ ንብዒት ናይ ሓጎስ ክኸውን ይኽእል። እንተደኣ ብጸጋመይቲ ዓይኑ ጀሚራ ከኣ ናይ ቃንዛን ጓሂን ክኸውን እንከሎ፡ ካብ’ዚ ወጻኢ ብኽልቲኦን ኣዒንቱ ብሓንሳብ ንብዓቱ ምስ ዝዛሪ ግን ናይ ምብስጫውን ተስፋ ምቑራጽን ክኸውን ከም ዝኽእል ተመራመርቲ ይሃንሩ።
- ኣዒንትኻ ቋሕ ኣቢልካ ኣብ ክንዲ ክትዝክር እትፍትን፡ ኣዒንትኻ ዓሚትካ ንነገራት ክትዝክር ይቐልል። ምኽንያቱ ምሉእ ብምሉእ ኣቓልቦኻ ናብ ውሽጥኻ ስለ ዝኸውን ኣእምሮኻ ብቐሊጡፍ ኑቲ ረሲዕዎ ዘሎ ነገር ክዝክር ይኽእል።
- ምስ’ቲ ምሳኻ ወይ ምሳኺ ዝዛረብ ዘሎ ሰብ ዓይኒ ዓይኒ እናተጠማመትካ ትዛረብ ምስ ትኸሉ፡ ክልቴኻ ካብ ኣጠማምታኻ ብዛዕባ ንሓድሕድካ ብዙሕ ክተንብብ ትኽእል።
- እቲ እንኮ ከቢሮ ዓይኒ ዘይብሉ እንስሳ ተመን ጥራይ እዩ።
- እንቕርዖብ ኣዒንታ ቋሕ ኣቢላ ትድቅስ።

# ካብዝን ካብትን

ማርታ ክብሮም

## ገለ ካብ ባህርያት ደቂ-ሰብ

1. ገለ ሰባት ኣብ ፍቕሪ ምስ ወደቑ ባህርያቶም ይቕየሩ። ርእሰ ምትእምማን ዝጎደሎም ወይ ፈራሓት ሰባት፡ ፍቕራዊ ዝምድና ምስ ጀመሩ፡ ውሑስነት ይስምዖምን ርእሰ ምትእምማን ዘለዎም ይኾኑን።

2. ገለ ሰባት ኣብ ኩርሲ ስልጣን ምስ ደየቡ፡ ሓቀኛ ባህርያቶም በቲ ሒዞሞ ዘለዉ ስልጣን ይሸፈንሞ፡ ደስ ዘይብል ባህርያት ሒዞም ክጉዓዙ ይኽእሉ። ስለዚ ምስ ሰባት ዘይሰማምዑን ብፍቶም ጌጋ ንኽልኣት ሰባት ዝወቕሱን ይኾኑ።

3. ዕድመ እናወሰኸካ ብዝኸደካ፡ ገለ ምቅይያር ናይ ባህርያት ትገብር። ምስ ዝኾነ ነገር ብቐሊሉ ትሰማማዕ ስምዒትካ ይጎድል፡ ብፃብኡ ድማ ጥዑም ሰብ ትኸውን።

4. ብዙሓት ሰባት፡ ኣብ ደጋዊ መልክዕ ናይ ሰባት ተመርኲሶም ኣብ መደምደምታ ይበጽሑ። ንኣብነት ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ሓደ ሰሓቢ ደጋዊ ትርኢት ዘይብሉ ሰብ ጸቡቕ ነገር ክዝረቡ ኣይክእሉን እዮም።

5. ሰባት ዝምጉብዎ መግቢ ብዛዕባኦም ገለ ክነግር ይኽእል እዩ። መረር መግቢ ምምጓብ ዝፈትዉ ሰባት ሕሉፍ ነፍሰ ምፍታው ከም ዘለዎም ይግለጽ። መረር መግቢ ምምጓብ ዘይፈትዉ ሰባት ድማ፡ ምስ ሰባት ጸቡቕ ክሰማምዑ ከም ዝኽእሉ ኣብዚ ዓውዲ መጽናዕቲ ዘካየዱ ተመራመርቲ ይገልጹ።

6. ኩሉ ሰብ ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ ስራሕ ክሰርሕ ይደሊ እዩ። እዚ ግና ግብራዊ ዘይኮነሉ ይኽእል። ንርእስኻ ብሓንሳብ ብዙሕ ስራሕ ክሰርሕ ከም ዝኽእል እንተ ኣእሚንካዮ ግና ናይ ብሓቂ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ።



7. ገለ ሰባት ናይ ቀትሪ ሓለምቲ ተባሂሎም ይጽውዑ እዮም። እዞም ብቐትሪ ኣብ ርእሶም ብዙሕ ሓሳባት ዘለዓዕሉን ዝሓስቡን ሰባት ልዑል እቶም ከምኡ ዘይገብሩ ሰባት ነገራት ኣብ ምፍታሕ ንጡፋት እዮም። ዝያዳ ድማ ፈጠራዊ ክእለት ኣለዎም።

8. ንሓደ ነገር መመሊስካ ምስ እትደግሞ፡ ልምዲ ከም ዝኾነካ ይፍለጥ። ስለዚ ንገለ ካብ ባህርያትካ ክትቅይሮ ምስ እትደሊ ነቲ ደሊኻዮ ዘለኻ ነገር ቀጻሊ ግበሮ።

9. ገንሖጒር ወይ ምስ ሰባት ዘየሰማምዕ ባህርያት ዘለዎም ሰባት፡ ብሕማም ልቢ ክጥቅዑ ዘሎ ተኽእሎ ልዑል እዩ። ቅጡዕ ባህርያት ዘለዎም ሰባት ንሕማም ሪሕ፡ ኣዝማን ሕማም ርእስን ቅሉዓት ይኾኑ።

10. ምስ እንስሳታት ብእትገብሮ ዝምድና፡ ባህርያትካ ክፍለጥ ይኽእል። ከልቢ ምውናን ዝፈቱ ሰብ ንሰባት ምሕጋዝ ደስ ዝብሎን ብሰባት ዝግደሰን ባህርያት ኣለዎ። ድሙ ምዕባይ ዝፈትው ሰባት ድማ፡ ብሰባት ዘይግደሱ ወይ ብዛዕባ ነብሶም ጥራይ ዝግደሱ እዮም።

11. በኹሪ ዲኻ ዋላስ ሕሰስ ልደ? መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ዝተወለድካሉ ደረጃ ባህርያትካ ክጸልዎ ከም ዝኽእል እዩ። ቀዳማይ ዝተወልደ ሰብ ሓላፍነታውን ናይ ምምራሕ ብቕዓት ዘለዎን ባህርያት ክህልዎ እንከሎ፡ ሕሰስ ልደ እንተኾይኑ ድማ ናጻን ዘይሓላፍነታውን ይኸውን።

12. እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት፡ ዝበለጸ ህይወት ይነብሩ፡ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ግዳ ዘዕጉብ ወይ ደስ ዘብል ህይወት ይመርሑ።

13. ኑቡስ ምትሓት ዘለዎም ሰባት፡ ኩሉ ግዜ ንኻልኦት ሰባት የነኣእሱ። ንኻልኦት ሰባት ብምንኣስ ናቶም ርእሱምትእምማን ክብ የብሉ።

## ዛንታ ኣበዓዕላ ዕለተ-ልደት

ካንዲ ስፓርክስ ናይ መጀመርታ ኣብ ቶርታ ዕለተ ልደት፡ ሽምዓ ክጉብር ዝጀመረ ሰብ እዩ። ንሱ ናይዚ ምኽንያት ክገልጽ ከሎ፡ እተን ሽምዓ ንፍሲ ወከፍ ዝሓለፉ ዓመታት ክገልጻ ከለዋ፡ ምብራህ ናይታ ሽምዓ ድማ ዘመን ህይወት ናይ'ቲ ሰብ ብርሃን ክኸውን ዝብል ሰናይ ትምኒት ዝብል ነበረ። ካልእ ጸሓፋት ከም ዝገልጹ ድማ፡ ሽምዓ መጀመርታ ኣብ ግሪኽ ከም ዝጀመረ እዩ።

ኣመንቲ ጣኦት ኣርጤማስ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሻዱሻይቲ መዓልቲ ናይ ሓንቲ ወርሒ፡ ኣብ ኣፍደገ ቤት መቕደስ ኣምላኽም ካብ መዓር ዝተሰርሐ ምቁር ሕብስቲ ምስ ሽምዓ ይጉብሩ ነበሩ።

ግሪኻውያን ድማ ነቲ ምቁር ሕብስቲ ከቢብ ቅርጺ ዘለዎ ገይሮም ብምስራሕ፡ ኣብ ጫፍጫፉ ሽምዓታት ይጉብሩሉ ነበሩ። ዕላምኡ ድማ ነታ ደምቃቲ ከም ወርሒ ዝምስሉዋ ኣርጤማስ ኣምላኽም ከም ህያብ ንምቕራብ ምዃኑ ይገልጹ።

ካብ ሽምዓ ዝወጽእ ትኪ፡ ንትምኒትን ድሌትን እቶም ሰብ ዕለተ ልደት ተሰኪሙ ናብቶም ኣብ ሰማይ ዝነብሩ ኣማልኽቲ ከም ዘብጽሖ ይኣምኑ ነበሩ። ካልኦት ድማ ትኪ እቲ ሽምዓ ነቶም ክፉኣት መናፍስቲ ከም ዘጥፍኦም ይኣምኑ ነበሩ። እዚ ልምዲ ክሳብ ሕጂ ይቕጽል ኣሎ። ብዙሓት ሰባት ከኣ ዚ ይኣምንሉ ኣለዉ።

እቲ ዕለተ ልደቱ ዘጸምበል ዘሎ ሰብ ቅድሚ ነተን ሽምዓታት ምጥፍኡ፡ ትምኒቱ ብውሽጡ የዕርግ። ድሕሪ'ዚ ነተን ሽምዓታት ብሓንሳብ የጥፍአን። ኩለን ብሓንሳብ እንተ ጠፊአን ኩሉ ትምኒታቱ ክውን ከም ዝኸውንን ነታ ዓመት ድማ ብሰላም ከም ዝሓልፋን ይፍለጥ። ወይ'ውን ትምኒቱም ንሱብ ምስ ዝነግሩ ባህጎም ተግባራዊ ክኾውን ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ።

ብመሰረት ጸሓፋት ሮማ፡ ምቁር ሕብስቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ጸምብላት ከም መርዓን ካብ ካልእ ቦታ ንዝመጽኡ ኣጋይሽ ጥራይ ዝቐረብ ዝነበረ ፍሉይ መግቢ እዩ ነይሩ። እቲ ሽዑ ዝነበረ ሕብስቲ ካብ ሓርጭ፡ መዓርን ፋሉን ይስራሕ ነበረ።

ኣብ ጀርመን ዓይነት ኣበዓዕላ ዕለተ ልደት ኣብ 1746 እዩ ጀሚሩ። ኣብዚ ሃገር፡ ዕለተ ልደቶም ኣብ ዘብዕልሉ ግዜ ሓንቲ ኣዝያ ዓባይ ሕብስቲ ብምድላው፡ ኣብ ማእከላ ድማ ሓንቲ ዓባይ ሽምዓ ይጉብሩላ። ኣብ ኩሉ ቦታ ንኣሸቱ ነኣሳት ብምግባር ከም ቁጽሪ ዕድመ ናይቲ በዓል ልደት ሰብ ንኣሸቱ ሽምዓታት ይጉብሩለን። ወይ ንዑብዚን ጸቡቕ ዕድልን ብምምናይ ካብ ዕድመ እቲ ሰብ ዝዛይድ ሽምዓ ይጉብሩሉ ነበሩ። ኣብዚ'ውን ልክዕ ከም ናይ ግሪኻውያን ትኪ ናይ ሽምዓ ንኸሉ ድሌታቶም ተሰኪሙ ናብ ኣምላኽ ከም ዘብጽሓሎም ይኣምኑ ነበሩ። ገለ ሰባት'ውን ነቲ ዕለተ ልደቱ ዘጸምበል ዘሎ ሰብ መታን ካብ ሰይጣን ወይ ሕማቕ ነገራት ክትከላኸለሉ ኣብ ማእከል ኣእቲኻ ክትከቦ ከም ዘለካ ይገልጹ። ከምኡ'ውን እቲ ጫውጫው ናይ ዕለተ ልደት ነቶም ሰይጣናውያን መናፍስቲ ከም ዘርሕቖም ይኣምኑ።

ገለ ሰባት ኣብቲ ምቁር ሕብስቲ ዝተፈላለዩ ሕብርታት ዘለዎም ሽምዓታት ይጉብሩ። እቲ ምንታይሲ፡ ነፍሲ ወከፍ ሕብሪ ናታ ትርጉም ስለ ዘለዋ እዩ። ንኣብነት ሮዛ ሕብሪ ንፍቕሪ፡ ኣራንሺ ኣብ ንግዲ ንምዕዋት፡ ሰማያዊ ሕብሪ ንፈውሲ ከም ዘውክል ይገልጹ።

ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ቁጽሪ ዓመታት ብዘየገድስ ኣብ ግዜ ዕለተ ልደት ሰለስተ ሽምዓ ጥራይ ይጉብሩ። እዚ ድማ ንሕሉፍ፡ ህሉውን መጻኢን የመልክት።



## ማዘር ተሬዛ - ኣደ ድኻታት

"ብዙሕ ነገር ናይ ዝዓብና ኣይኮነ፡ ነቲ እንገብሮ ነገር ማዕረ ክንደይ ፍቕሮ እዩ። ብዙሕ ናይ ዝዓብና ኣይኮነ፡ ንእኡ ነገር ማዕረ ክንደይ ፍቕሮ እዩ።"

ሮማዊት ካቶሊካዊት ሰበይቲ እያ። ኩሉ ህይወታ ንድኻታትን ጽጉማትን ኣብ ምርዳእ እያ ወፍያቶ። ዝበዝሐ ግዜያት ናይ ህይወታ ድማ ኣብ ከተማ ካልካታ - ህንዲ ኣሕሊፋቶ። ምስታ ኣብኡ ኮይና ንጽጉማት ትሕግዝ ዝነበረት ማሕበሮኛዊት ጉጅለ ብምጥርናፍ ትዓዪ ነበረት።

ማዘር ተሬዛ ኣብ 1910 ኣብ ርእሰ ከተማ ሪፓፕሊክ መቄዶኒያ ከተማ ስኮብጀ ተወሊዳ። ንሳ ኣብ ግዜ ህጻንነታ ድማ ፈላሲትን ንጽጉማት ምሕጋዝን ዝብል ጻውዒት ከም ዝተቐበለት ብምግላጽ ፈላሲት ክትከውን ወሰነት። ኣብ መበል 18 ዓመታ ምስ ኣብ ኣየርላንድ ዝርከብ ማሕበር ፈለስቲ ተጠርኒፋ። ምስ ኣሕዋት ሎሬቶ ናይ ቁሩብ ኣዋርሕ ስልጠና ድሕሪ ምውሳድ ናብ ህንዲ ክትከይድ ዕድል ረኸበት።

ኣብ ህንዲ ምስ በጽሐት፡ ከም መምህር ኮይና ክትሰርሕ ጀመረት። "ፍቕሪ ንበይና እኽልቲ ኣይኮነትን። ትርጉም'ውን የብላን። ፍቕሪ ተግባር ክሕወሳ ኣለዎ። እዚ ተግባር ድማ ኣገልግሎት እዩ።" ትብል ዝነበረት ማዘር ተሬዛ እቲ ኣብ ካልካታ ዝረኣየቶ ሕሰም ደኸነት፡ "ተልእኾ ልግሲ" ዝብል ማሕበር መስሪታ ንጽጉማት ክትሕግዝ እዩ ደሪኹዋ።



ንሳ ኣብታ ከተማ ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ ክልተ ዘሰንብዱ ፍጻመታት ኣጋጠምዋ። ቀዳማይ እቲ ኣብ 1943 ዘጋጠመ ዓቢ ደርቂ ክኸውን ከሎ፡ ካልኣይ ድማ ኣብ 1946 ዘጋጠመ ኣብ መንጎ መሰለምን ሂንዱን ዘጋጠመ ዕግርግር እዩ። ኣብ 1948 ማዘር ተሬዛ ዝነበሩ ካልእ ኩሉ ንጥፈታት ብምቁራጽ ምሉእ ግዜኣ ንጽጉማት ኣብ ምሕጋዝ ወፈያቶ። ንኽብሪ ህንዳውያን ድማ ባህላዊ ኣከዳድና ህንዳውያን ትኸደን ነበረት።

ማዘር ተሬዛ ንብዙሕ ዓመታት ምስ ጉጅለኣ ወሓሉድ ዓቐን መግቢ እናተመገበት ነቶም ጽጉማት ዝኸውን ገንዘብ ኣብ ምእካብን ምልማንን ትዋፈር ነበረት።

ኣብ 1952፡ 'ቤት ንዘሞቱ' ዝብል ማሕበር ከፈተት። እዚ እቶም ዝሞቱ ድኻታት ብኽብሪ ንኽቐብሩ ዝብል ዕላማ ነበሮ። ምስቶም ኣብ ኣፈፌት ሞት ዝበጽሑ ሰባት ድማ ብዙሕ ግዜ ተሕልፍ ነበረት። እቶም ዝሞቱ ሰባት ኣብዛ ዓለም ዝግደሰሎም ሰብ ብምርካቦም ጸቡቕ ስምዒት ይሰምዖም ከም ዝነበረ ይፍለጥ።

ምስ ግዜ እዚ ንጽጉማትን ድኻታትን ምርዳእ ዝብል ተልእኾ እናዓበየ ከደ። ኣብ 2013 ድማ ቁጽሪ ናይዚን ማሕበራት ናብ 700 ክብ በሉ ናብ ልዕሊ 130 ሃገራት ድማ ተዘርግሓ።

ማዘር ተሬዛ ነቶም ኣብ ዘርያኣ ዘለዉ ሰባት ናብ እምነታ ክትቅይሮም ኣይትፍትንን ነበረት። ግና ኣብ ኣጋ ሞቶም ምስ ሃይማኖቶም ዝኸይድ ሃይማኖታዊ ስርዓት ትህቦም ነበረት።

ኣብ ሃይማኖታ ኣዝያ ጽንዕቲ ዝነበረት ማዘር ቴሬዛ ኣብ ምንጻል ጥንሲን ፍትሕን ተሪር መርገጺ ነበራ።

ማዘር ቴሬዛ ዝያዳ ኣቓልቦ ህዝቢ ዓለም ዝረኸበት ግና፡ ኣብ 1960 ማልኮም ሙገሪድ ንዝንታኣ ኣመልኪቱ መጽሓፍን ደኩመንታሪ ፊልምን ምስ ጸሓፈን ሰርሐን እዩ።

ኣብ 1979፡ ድኸነት ኣብ ምጥፋእ ብእትገብሮ ዝነበረት ጻዕሪ ሽልማት ኖቤል ክትሽለም በቒዓ። ካብኡ ዝረኸበቶ 192 ሽሕ ዶላር ግዝያ ድማ ንድኻታት ኣወፈያቶ።

ማዘር ቴሬዛ ወላኳ ብዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ትሳቐ እንተ ነበረት ናብ ብዙሕ ቦታታት እናተንቀሳቐሰት ንጽጉማት ምርዳእ ግና፡ ደው ኣየበለቶን። ኣብ 1997 ድማ ኣብ 87 ዓመታ ዓሪፋ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤርበክስ |
| 09:30 | ፈያሪና |
| 10:10 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ደቀተራት ኣብ ስቱድዮ ቀጥታ |
| 13:45 | ቀስተ-ድሕነት |
| 14:00 | ሞዚቃ |
| 16:30 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 17:30 | ስርሒት ባረንቱ1985 |
| 18:05 | ዋልታ 4 |
| 18:40 | መደብ ህርመት |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኽፈቲ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2023 |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስፖርት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ 14/08/2023

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ፊልም |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረትቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ካብ ዞባታት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Senior Maintenance Planner
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.

- Assist the Maintenance Superintendent to develop and implement a Maintenance Planning System to deliver quality maintenance services to the mobile equipment and fixed plant. In doing so ensuring KPI's are delivered that facilitate sustained and productive operations are delivered.
- The role of Senior Maintenance Planner will ensure that all preventive and breakdown maintenance are carried out in a timely and cost-effective manner.
- Manage the maintenance planning function to ensure that the work scheduling process is being performed and meeting targeted KPIs.
- Prepare a rolling six monthly forecast of major component change outs according to the equipment maintenance strategies.
- Continually review the work order history to optimize component change out intervals and eliminate recurring defects.
- Assist in preparing the annual budget (operating and capital) for the department.
- Ensure all components and parts are on site four weeks prior to the scheduled component change out date.
- Ensure that all work assigned is completed in an efficient and timely manner.
- Keep classified plant records up to date.
- Monitor, check and liaise with workshop personnel (both in-house & contractor workshops) to ensure that maintenance works are carried out as planned and scheduled.
- Enforce and maintain Company Code of Conduct and compliance with Company Standards, procedures, rules, and guidelines.
- Actively coach and mentor planners to improve overall skill base and annual leave relief capabilities, inclusive of resource succession planning.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Trade Qualifications as a Diesel Mechanic or equivalent
- Additional qualifications in planned maintenance desired

Working Experience – Nature & Length

- 10 years' experience in large scale open-pit mines in the areas of Mobile Maintenance,
- Underground maintenance experience is desirable.
- 5 years' experience as a Maintenance Planner
- In-depth knowledge of different mechanical systems.
- Familiarity with relevant health and safety standards and regulations.
- Ability to read mechanical equipment manuals.
- Ability to read vendor manuals to decipher parts and equipment successfully.
- Working knowledge of CMMS systems
- Computer literate in the basic Microsoft Office programs, MS Project experience and Pronto
- Proficient spreadsheet, presentation, work processing and database skills
- Complies with all HS&E policies, procedures and instructions. This includes the correct use of safety devices and protective equipment, prompt reporting of any hazardous situations, which they cannot themselves correct, making the necessary changes to eliminate or control the hazard and reporting immediately any accident or injury which arises in the course of their work.
- Experience working in Africa

Technical Skills

- Leadership skill in multi-disciplinary environment.
- Strong Supervisory skills. Get things done attitude.
- Train and develop local staff
- Analytical skills
- Project management skills
- Attention to detail
- Report Writing skills
- Decision making skills
- Plan, organize and execution skills
- Understand Machine capabilities and productivities.
- Problem solving skill
- Valid Driver's License•

Behavioral Skills

- Safety leadership by example
- Ability to work in developing country
- Good Interpersonal skills
- Ability to work under pressure with challenging targets
- Commitment to deliver on agreed targets - Results oriented
- High level of initiative
- Ability to multitask
- Demonstrated team building and mentoring skills
- Demonstrated training and people development skills
- Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.
- Good interpersonal skills with positive attitude.

General Information and other requirements:

- Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Note to Non-Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Senior Grade Control Geologist
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.

• Establish and manage grade control practices and processes of the geological team to deliver quality geological services to the Asmara Mining Share Company (AMSC) mines. Ensure that a high quality of mining can be delivered by the mining team by the provision of accurate grade control models and dig plans. The objective is to achieve maximum ore recovery (tonnes and grade) with minimum dilution within the practical limitations of equipment and operating systems.

### SHEC
• Ensure that all subordinates are aware of their SHEC responsibilities and follow company policies and procedures.
• Develop a risk management approach to the team activities and ensure that high risk controls are in place.
• Support the creation of a workplace culture where staff are committed to working safely.
• Ensure that all SHEC actions are completed on time and to the required standard.

### Grade Control
• Establish, maintain and update the grade control models for each mine
• Ensure that the grade control methods are fit for purpose for each of the commodities at Asmara.
• Document the grade control management which incorporates Standard Operating Procedures for grade control.
• Generate in conjunction with Mine planning daily ore dig plans for execution by mine operations
• Ensure RC drill rigs are operating efficiently and supporting the mine plan at least 3 months ahead of production
• Assist Chief Geologist to develop a ROM stockpile management strategy and reconciliation procedures.
• Liaise with the processing team and provide them with information to assist with maximizing metal output.

### Reporting
• Ensure that all mine geology reporting (weekly, monthly, quarterly) is completed on time and to a high standard.
• Develop a reconciliation system and report the performance on a monthly basis.
• Reconciliation performance of the mining operation on the grade control model for each bench mined.

### Quality
• Ensure that the grade control practices are supported by quality assurance in the field.
• Ensure that the mill feed meets the quality requirements to support the processing team and site objectives.

### Data Collection
• Oversee grade control (RC) drill programs to ensure safety and QA/QC compliance is delivered
• Ensure that data collection methods are sound and supported by systems, quality control and training.

### Analysis
• Undertake geological analysis and interpretation of data to develop grade control models.
• Develop and understand the geological controls of AMSC deposits to optimize extraction of the resources.
• Understand the lithological and structural controls on mineralization in the Asmara mines.
• Provide technical advice to other parts of Mining Department on resource related topics.
• Provide technical advice on geology, resource and estimation topics to other AMSC departments.

### Human Resource Management
• Manage the work performance of employees working in grade control.
• Identify training and development needs in line with the personal development plans and company objectives.
• Ensure that all team members are appropriately trained and assessed so that they can safely perform.
• Provide mentoring and coaching to the Eritrean workforce in grade control and related topics.

### Administration
• Assist Chief Geologist to manage grade control roster to ensure grade control coverage is provided as required.

### Profile: Qualifications and Experience

### Formal Education, Certifications or Equivalents
• BSc Geology from an internationally recognized University.

### Working Experience – Nature & Length
• Minimum 10 years' experience in Metalliferous Mining Industry
• Advanced knowledge of 3D mining software packages including wire framing and block modelling.
• 5+ years working in large open pits.
• 3+ years working as a Senior Grade Control Geologist.
• Underground mining and exploration experience is desirable.
• Knowledge of VMS and other base metal mineral deposit styles.
• Thorough understanding of mine geology data collection methods, production planning and open pit mine design.
• Experience of expatriate mining positions.

### Technical Skills
• - Competent user of MS Office (Excel, Word & PowerPoint).
• - Competent mining software user, preferably Datamine
• - Thorough understanding of sampling theory and practice.
• - Thorough practical understanding of assaying methods.
• - Advanced knowledge of RC Drilling practices.
• - Capable of developing Grade Control Models
• - Grade and metal reconciliation practices.
• - Open pit production and grade control practices.
• - Stockpile management
• - Analytical techniques (QA/QC).
• - Presentation skills.
• - Resource estimation and validation skills.

### Behavioral Skills
• - Analytical skill.
• - Interpersonal relationship skills.
• - Attention to detail.
• - Management skill.
• - Ability to train and mentor team members.
• - Commitment to maintaining safety standards.
• - Performance management.
• - Understands the cultural sensibilities of Eritreans.
• - Good written and verbal English communication skills.

General Information and other requirements:

.Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
.Type of contract: Indefinite Period
.Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

. Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea

. Note to Non-Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Senior Mine Production Supervisor
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.
• Establish the mining operations shift team and manage them to safely deliver the daily, weekly and monthly plans to the required quality. Report against performance targets and take corrective actions for negative variances to plan. Ensure staff are trained and mentored so that they have the required competencies to undertake their work assignments. Work harmoniously with other departments to ensure good relationships are developed and maintained.
Manage Mine Operations Teams
• Co-ordinate shift operation and instruct staff as required to Deliver Mine shift/daily plan
• Ensure safe operations are executed and that SOP's are adopted.
• Ensure all mining crew are trained and authorized to operate mining equipment.
• Ensure training and mentoring plan is implemented to standard.
• Mentor and train Junior Production supervisors and staff to deliver a productive outcome.
• Manage Shift HR issues for the Operational teams with the Production Superintendent and HR as required.
• Ensure the mining staff compliance to procedures.
• Manage the work performance of the team.
• Implement the ongoing training and development of staff to deliver successful succession planning.
• Training and mentoring national workforce.
• Conduct team based Risk assessments and field level risk assessments in the field with team as required.
• Liaise with other departments continually for positive outcomes.
Manage Mining Crew, Structure and systems
• Provide input with Mine Superintendent and D&B Superintendent to develop weekly and daily mine plan.
• Participate in the daily Production meeting.
• Participate in the daily planning meeting and review production statistics against mining plan.
• Identify safety hazards to be addressed.
• Mine Planning Engineer reviews weekly plans against actual production.
• Review Drill & Blast plan
• Discuss survey requirements
• Discuss Geology requirements
• Ensure ongoing optimization of the mining operation through application of best practice.
• Provide effective leadership to all crew members and drive a high performance culture.
• Ensure pit floors are maintained.
• Ensure pit dewatering is kept in place to enable mining to be carried out.
• Ensure the pit is mined to the design.
• Ensure wall controls are in place.
• Ensure all dump locations are to the correct floor and levels.
• Deliver and exceed production targets on a daily basis.
• Support the Maintenance Department in carrying out the daily/weekly maintenance plan.
• Deputize for Mining Superintendent as required.
• Support the drill and blast section when the D&B Superintendent is on break.
• Support in ICAM investigation and flash reports.
• Undertake safety investigations and take corrective actions as required.
• Ensure all compliance to Geotechnical issues is ongoing.
Generate Reports
• Compile shift and daily production reports
• Assist with the preparation of weekly reports.
• Analyze daily production data to help improve productivity outcome.
• Utilizing production data to determine root causes of where production is not meeting requirement.
• Deliver on Short Term Plans.
• Overview QA/QC process to ensure all documents necessary are in order.
• Undertake Pit Audits and weekly inspections with key stakeholders and report as required.
Planning
• Assist Mine Planning staff and generate safe, practical and executable mine plans.
• Review, critique and risk assess the mine plans for practical execution.
• Offer practical solutions to deliver short, medium and long term operational plans.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents
• 10+ years of Heavy Equipment experience of which 5 years Supervisory experience
Working Experience – Nature & Length
• 10+ years experience in large open-pit mining of which 5 years supervisor experience
• Ability to lead and co-ordinate a multi-disciplinary team
• Loading, hauling and auxiliary operational experience and able to show delivery of performance.
• Drilling and Blasting experience desirable
Technical Skills
• Leadership skill in multi-disciplinary environment.
• Analytical skills
• Proficient in reading, writing and communicating in English
• Able to read maps and plans
• Report Writing skills
• Decision making skills
• Plan, organise and execution skills
• Understand Machine capabilities and deliverables
• Problem solving skill
• Breakdown Monthly/Weekly plans to deliver daily targets.
• Valid Driver's License
• Deliver quality performance (bench, floor, water control)
Behavioral Skills
• Strong Supervisory skills. Get things done attitude.
• Safety leadership by example
• Interpersonal skills
• Ability to work under pressure
• Ability to work toward strict deadlines
• Commitment to deliver on agreed targets
• Results oriented
• Ability to multitask
• Demonstrated team building and mentoring skills

General Information and other requirements:

. Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
. Type of contract: Indefinite Period
. Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

. Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
. Note to Non-Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ተዛዚሙ

ኣብ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ክካየድ ዝወርሐ ስፖርታዊ ቅነ እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ዝሓለፈ ዓርቢ ተዛዚሙ።

እቲ ብኽልተኡ ጾታታት ኣብ ኩዕሶ መርበብ፡ ኩዕሶ እግሪ፡ ኣትሌቲክስ፡ ዝላ መሬትን ብራኽን፡ ዳርባ ዓረር፡ ዳርባ ጭማሪን ዲስኮን ከምኡ'ውን ብጨመት ተኸሲቡ ዝተኻየደ ውድድር ልዕሊ 400 ስፖርተኛታት ዝተሳተፉዎ ነይሩ።

ኣብ ኣትሌቲክስ 21 ኪሎሜተር፡ የዋሃስ ጉብረገርግሽ 1ይ ክወጽእ እንከሎ፡ መሴ እስቲፋኖስ፡ ኣሕመድ ዑመር፡ ፍረዝጊ መሓሪ፡ ርእሶም ንገሰ፡ ኣሚን ሰመረኣብ ኩሉ ካብ 6ይ ኣትዮም። ኣብ ናይ 10 ሽሕ ሜትሮ ድማ፡ ኣሕመድ ዑመር፡ መሴ እስቲፋኖስ፡ ርእሶም ንገሰ ተኸታቲሎም ክወጹ እንከለው፡ ኣብ 1500 ሜትሮ ናይ ክልተኡ ጾታታት ከኣ፡ ኣሕመድ ዑመር፡ ርእሶም ንገሰ፡ ዓብደላ ኣሕመድ፣ ከምኡ'ውን ፍዮሪ ጉብረታትዮስ፡ ኣኺያር ሓምድ፡ ዩናት ጉብረእግዚኣብሄር ጸብለል ኢሎም። በዚ መሰረት፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ፈንቅል 3ይቲ፡ ሓለቡት ድማ 4ይቲ ደረጃ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ዊና 1-ብ 0 ብምስዓር 3ይትን 4ይትን ኮይነን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ጨመት ተኸሲ 100 ሜትሮ፡ ክፍለ ሃ/ሚካኤል ብ86 ነጥቢ ክወጽእ እንከሎ፡ ቴድሮስ ሃብተወልድ ብ84 ነጥቢ፡ ሳሙኤል ተኸለ ብ83 ነጥቢ እግሪ እግሩ ተሰሪዖም። ኣብ 200 ሜትሮ፡ እስቲፋኖስ ሚካኤል ብ78 ነጥቢ፡ ዘርኣዝጊ ሃ/ማርያም ብ75 ነጥቢ፡ መሰረት ሽሻይ ብ70 ነጥቢ፣ ኣብ 300 ሜትሮ፡ ሳሙኤል ርእሶም ብ72 ነጥቢ፡ ምሕረትኣብ ሃብተገርግሽ ብ66 ነጥቢ፡ ሳምሶን መንግስ ብ48 ነጥቢ ዕወታት ኮይኖም።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ኣብ 100 ሜትሮ፡ ኣመን ኣኽሊሉ፡ ትምኒት ሃ/ሚካኤል፡ ምስጋና መሴ፣ ኣብ 200 ሜትሮ፡ ሉላ የዋሃስ፡ ትርሓስ ሳህሉ፡ የሳን ኣስመላሽ፡ ኣብ 300 ሜትሮ፡ ሰልሻና ሚካኤል፡ ደሊና ኣማኑኤል፡ ሳዕም ኣሪዲን ብዙርታ ዕወታት ኮይነን።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጸግዖት ንሓለቡት ብፍጹም ቅላዕ 7-ብ 6 ብምርታዕ ጉብለል ክትከውን እንከላ፡ ብደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ፈንቅል፡ ሓለቡት፡ ጸሓይ በርቂ ብተኸታታሊ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ተሰሪዐን። ኣብ ኩዕሶ መርበብ ከኣ፡ ጋንታ መሰረት ጸብለል ኢላ።



ዕወታት ጋንታታት፡ ውልቀ ተጻወትቲ፡ ኣሰልጠንትን ደያኑን ድማ ካብ ኢድ ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ተኸለይ ሃብተስላሴን፡ ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ኮሎኔል ኣብራሃም ዑቕባስላሴን፡ ካልኦትን ላዕለዎት ሓለፍትን ዝተዳለወሎም ሽልማት ምቕባሎም ጸብጻብ ኽፍሊ ሓበሬታን ሓ/ኣየር የረድእ ።

## ሻምፕዮና ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ሰለስተ ግጥማት ኣብ ዝተኻየደሉ፡ ሻምፕዮን ንምዃን ዝለዓለ ዕድል ዘለወን ቀይሕ ባሕርን ደንደን ተዓዊተን።

ኣብ'ታ መዓልቲ ኩባንያ ሰምበልን ቲራቮሎን ፈላማ ክጻወታ እንከለዋ፡ እታ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ግጥማታ ኣኪታቲላ ዝተዓወተት ቲራቮሎ፡ ቀድሚ ዕረፍቲ ካብ ሮቤል የውሃንስ ሸቶ ብምቁጻር 1-ብ 0 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ግን፡ ኩባንያ ሰምበል፡ ካብ ዳኒኤል ንገሰ ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ 2 ብ 1ተዓዊታ። ዳኒኤል ከኣ ናይቲ ዕለት ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ሰዓብን መራሒት ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ኣንጻር




ኩባንያ ሰገን ገጢሙ። ሻምፕዮን ንምዃን ምስ እትቃለስ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ 90 ደቒቕ ሸቶ ከይተመዝገበ ብምጉዓዙ ንደገፍታ ኣሻቒላ ነይሩ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ተወሳኺ ግዜ ንዝተረኽበ ፍጹም ቅላዕ ብመጎዲ የናታን ኣረኣብ ብምምዝጋብ 1-ብ 0 ተዓዊታ - መሪሕነታ ዓቂባ። ተኸላኻሊኣ ናህም ዓወት ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ናብ'ዛ ጸወታ ተጻዊዑ።

እግሪ እግሪ ቀይሕ ባሕሪ እትስዕብ ዞባ ደንደን ኣንጻር ኣዱሊስ ሰዓት 4 ድ.ቀ ተጻዊታ። ዓወት ናይታ መራሒት ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ተዓዚባ ዝኣተወት ደንደን፡ ኣብ መበል 26 ደቒቕ ካብ ቢንያም መንግስታኣብ ብዝረኸበታ ሸቶ ንዕረፍቲ 1-ብ 0 መሪሓ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ ከኣ ዝተወሰኸ ሸቶ ኣይተበረን ደንደን ብእንኮ ሸቶ ተዓዊታ፣ ፍልልያ ዓቂባ። ኣመዝጋቢ ሸቶ ቢንያም ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ምጽዋዑ፡ ህዝባዊት ርክባት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢራ።

## ኬን፡ ብምስግጋሩ ኣላን ሽረር ቀሲኑ

ካልኣይ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ፕሪመር ሊግ ዝኾነ ኣጥቃዓይ ክለብ ቶተንሃም ሃሪ ኬን ትማሊ ናብ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ ምስግጋሩ ወግዓዊ ድሕሪ ምዃኑ፡ ክብረ-ወሰን ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ፕሪመር ሊግ ሒዙ ዘሎ ኣላን ሽረር ቀሲኑ።

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ኒውካስል ኣላን ሽረር፡ ብ260 ሸቶታት ፕሪመር ሊግ ክብረ-ወሰን ሒዙ ምህላዉ ይፍለጥ። ዝሓለፈ ወቕቲ 30 ሸቶታት ፕሪመር ሊግ ዘመዝገበ ኬን ከኣ፡ ብድምር ዘመዝገቦ ሸቶታት ካልኣይ ንዝነበረ ወዲ ሃገሩ ዋይን ሩኒ ገምጢሉ - ብ213 ሸቶታት ድሕሪ ሽረር ተሰሪዑ ኣሎ። እዚ ወዲ 30 ዓመት ብሉጽ ሃዳኒ ሸቶ፡ ካብ ሽረር ብ47 ሸቶታት ጥራይ ትሑቱ ምስ ምህላዉ ድማ፡ ኣብ ዝቕጽል ዓመታት በቲ ሒዚዎ ዘሎ ናህሪ እንተቐጺሉ ንኣላን ሽረር ክብረ-ወሰን ክምንጥሎ ልዑል ግምት ተዋሂብዎ ነይሩ እዩ።






ይኹን እምበር፡ እዚ እንግሊዛዊ፡ ትማሊ ናብ'ታ ካብ ምኽፋት መስርሕ ምስግጋሩ ዓይና ኣውዲቓትሉ ዝጸንሐት ባየር ሙኒክ ብምጽምባሩ፡ ንሽረር ቅሳነት ሂብዎ ኣሎ - ክሳብ ካልኣይ ኣስጊኢ ተጻዋታይ ዝቖርበ። ሽረር፡ ቅድሚ ወሰናት መዓልታት፡ "ሃሪ እትኸይደሉ ግዜ ኣኺሉ እዩ" ክብል፡ ስእሉ ኣብ ጎድኒ ነፋሪት ብምልጣፍ ተዋዚዩ ነይሩ እዩ።

ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ፕሪመር ሊግ ዝጻወት ዘሎ እሞ ዝበዝሐ ሸቶታት ዘመዝገበ ሞ ሳላሕ እዩ። እዚ ግብጻዊ ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል፡ ብ139 ሸቶታት እዩ መበል 14 ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ተሰሪዑ ዘሎ። እዚ ማለት፡ ካብ ሽረር ብ121 ሸቶታት ድሒሩ ደርኩቡ፡ ሳላሕ ንሽረር ከርክቦ ኢልካ ከምዝይሕሰብ'ውን ይግመት።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ሃሪ ኬን ንልዕሊ ሓደ ዕቑድ ንቶተንሃም ኣገልጊሉ "ብ280 ሸቶታት ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ እታ ጋንታ" ኮይኑ ናብ ጀርመን ኣምሪሑ ኣሎ። እዚ 86.4 ሚልዮን ፓውንድ (100 ሚልዮን ዩሮ) ተኸፊልዎ ዘሎ ወዲ 30 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ካብ'ዛ ጋንታ ድሕሪ ምውጻኡ "እቲ ቅጽበት ግዜ ሕጂ ኮይኑ እዩ ተሰሚዑኒ" ክብል ኣብ ገጹ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ኣጽሒፉ እዩ።

ኬን ኣብ ናይ ቶተንሃም ግዜኡ ሰለስተ ወቕቲ ስፖርት ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ፕሪመር ሊግ ወርቃዊት ጫማ ብምሽላሙ፡ ምስቶም ተመሳሳሊ ግዜ ዝተዓወቱ - ሳላሕን ሽረርን ኣብ ቅድሚት ደርኩቡ። ብሸሞንተ ሃትሪኮት ድማ፡ ድሕሪ ኣጉዌሮ 12 ግዜ፡ ሽረር 11 ግዜ ከምኡ'ውን ፎውለር ትሸዓተ ግዜ ይሰርዑ። ይኹን እምበር፡ ኬን ሸሕ'ኳ ብውልቁ ዕወት ዕቑድ እንተኣሕለፈ፡ ዝኾነ ጽዋእ ግና ኣልዒሉ ኣይፈልጥን እዩ።

ምናልባት ግና ትማሊ፡ ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከላ ባየር ሙኒክ ዋንጫ ጀርመን (ጀርመን ካፕ) ንምዕታር ኣንጻር ኣርቢ ሌፕዚግ ኣብ ዝካየደ ጸወታ እንተተዓዊታ፡ ቁጽሪ 9 ተቐቢሉ ዘሎ ኬን፡ ካብ ቶተንሃም ምስ ወጸ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ፋልመይቲ ጽዋእ ክዕትር እዩ። ማለት ኣብ ሓደ መዓልቲ ልዕሊ'ቲ ናይ ሓደ ዕቑድ ግዜኡ። ኬን ክሳብ ሰነ 2027 ማልያ ባየር ክለብስ እዩ ፒርሙ ወረቐትን ኣራኺቡ ዘሎ።

## ፒኤስጂ፡ ንደምበለ ወዲኣትሉ

ፈረንሳዊት ክለብ ፒኤስጂ፡ ካብ ባርሳ ክተፈርሞ ምዃና ክግለጽ ዝጸንሐ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ኡስማን ደምበለ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ብ50.4 ሚልዮን ዩሮ (43.5 ሚልዮን ፓውንድ) ከምዝፈረመቶ ተቓሊሑ።

ደምበለ፡ ኣብ 2017 ብ55.3 ሚልዮን ዩሮ (135 ሚልዮን ፓውንድ) ካብ ቦሩሺያ ዶርትመንድ ናብ ባርሳ ምጽምባሩ ይዝከር።




ድሕሪ ሽዱሽተ ዓመታት ድማ፡ ኣብ 185 ዝተፈላለዩ ግጥማት 40 ሸቶታት ኣመዝጊቡን ሰለስት ናይ ላ'ሊጋ ዝርኸቦም ሽውዓተ ጽዋኣት ዓቲሩን እዩ ናብ ሃገሩ ፈረንሳ ኣቕኒዑ ዘሎ - ናብ ፒኤስጂ።

እዚ ፈጣን ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ናብ'ዛ ጋንታ ድሕሪ ምጽምባሩ፡ "ናብ ፒኤስጂ ምጽምባረይ ኣዝዩ ሕጉስ እየ። በዛ ሓዳስ ማልያ ክጻወት ከኣ ተሃንጢየ ኣለኹ። ንኹልና ደገፍቲ እዛ ጋንታ ከሐጉሶም ተስፋ ይገብር።" ኢሉ። ፕረዚደንት ናይዛ ጋንታ ናስር ኣልከላፊ ድማ "ኣገዳስን ወፋይን ተጻዋታይ" ኢልዎ። ደምበለ፡ ኣብ ሜዳ ፓርስ ደስ ፕሪንስስ ዘጸንሖ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ፈሪሙ ኣሎ።

## ኣርሰናል፡ ተዓዊታ

ዝሓለፈ ሰሙን ዋንጫ 'ኮሚኒቲ ሽልድ' ዘልዓለት ኣርሰናል፡ ትማሊ ቀዳም ኣብ ቀዳማይ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታኣ ዓወት ኣመዝጊባ።

ኣብ ሜዳኣ ዝተጻወተት ኣርሰናል፡ ንኖቲንግሃም ፎረስት እያ ገጢማታ። ጋብሪኤል ጀሱስ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ንቦታኡ ዝተኽአ ኢዲ ንከቲያ ኣብ መበል 26 ደቒቕ ብዘቑጸረላ ሸቶ ዝመርሐት ኣርሰናል፡ ሳካ ድማ ኣብ 32 ደቒቕ ሸቶ ብምውሳኹ 2-ብ 0 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ።



ኣብ ካልኣይ እብረ ግን፡ ተወሳኺ ሸቶታት ከተመዝግብ እኳ ትጸበ'ት እንተተጉብረላ፡ እታ ቅድሚ ሰለስተ መዓልታት ንካልኣይ ሓላዊ ልዳታ ዝነበረ ማት ቴርነር ዝዐደገት ኖቲንግሃም እያ፡ ኣብ መበል 82 ደቒቕ ካብ ኣዎኒ ናብ ጸወታ ዝመለሰታ ሸቶ ዘቑጸረት። እንተኾነ ምዱብ ግዜ ብምእካሉ "መድፍዐኛታት" ዝብል ቅጽል ስም ዘለዋ ኣርሰናል 2 ብ 1 ካብ ምዕዋት ኣይተዓንቀጸትን። ኣብ'ዛ ጸወታ ልዳት ኖቲንግሃም ዝሓለወ ኣመሪካዊ ቴርነር፡ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ኣርሰናል ብምዃን ዋንጫ ኮሚኒቲ ሽልድ ኣልዒሉ ምንባሩ ይዝከር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ንዳሕረዋይ መስመር ኣርሰናል ርግኣት ፈጢሩሉ ዘሎ ሓዲሽ ኣባል ጁሪን ተምበር፡ ኣብ ቀዳመይቲ ናይ ሊግ ግጥማት ኣካላዊ መጉዳእቲ ገጢሙዎ ብምውጻኡ ንደገፍቲ ጋንታኡ ኣሰከፈ። ብዘይካ'ዚ፡ እዛ ጸወታ፡ ወላ'ኳ ሰዓት 2:30 ድ.ቀ ክትካየድ ተመዲባ እንተነበረት፡ ብሰንኪ ምስ ጉዳይ ትኬት ዝተኣሳሰረ ኣብ ኣፍደገ ስታድዩም ዘጋጠመ ምድንጓይ ብዙሓት ደገፍቲ ኣርሰናል፡ ጸወታ 30 ደቒቕ ደንጉዩ እዩ ጀሚሩ።

## ፈርሚኖ፡ ኣብ ቀዳማይ ጸወታ ደሚቑ

ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል፡ ናይ ሕጂ ተጻዋታይ ኣል-ኣህሊ ሮበርቶ ፈርሚኖ፡ ትማሊ ጋንታኡ ንኣል-ሃዝም 3 ብ 1 ኣብ ዝሰዓረትሉ ቀዳመይቲ ናይ ሊግ ጸወታ፡ ንሰለስቲኦን ሸቶታት ባዕሉ ብምምዝጋብ ሃትሪክ ሰሪሑ።

ፈርሞኖ፡ ዝበን ሸቶታት ኣብ 6፡ 10ን 72ን ደቓይቕ ከመዝግበን እንከሎ፡ ደሮ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ኮይኑ ኣብ ምምራሕ ደርኩቡ።



ኣብ'ዛ ጸወታ፡ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ማን ሲቲ ሪያድ ማህረዝ ከምኡ'ውን ሓላዊ ልዳት ቸልሲ ዝነበረ ኤድዋርዶ መንዲ ኣብ ጎድኒ ፈርሚኖ ተሰሊፎም ነይሮም። ማህረዝ ከኣ ኑቲ ሓለቓ ጋንታኦም ኮይኑ ዘሎ ፈርሚኖ ካልኣይቲ ሸቶ ከመዝግብ ሃንዲሱሉ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ተኸላኻሊ ሮማ ዝነበረ ሮጀር ኢባኔዝ ናይ ቅድም ኣከፋፋሊ ባርሳ ፍራንክ ከሲን ኣጥቃዓይ ኒውካስል ዝነበረ ኣላን ሳይንት ማክሲሚን'ውን ፋልማይ ጸወታ ዘቖዩ ነይሮም።

ኣል-ኣህሊ፡ ኣብ'ዛ ወቕቲ እያ ካብ ካልኣይ ዲቪዝዮን ሊግ ስዑዲ ዓረብ ናብ'ዚ ላዕለዋይ ሊግ ሰጊራ ዘላ። እዛ ጋንታ፡ ኑታ ትማሊ ዝሰዓረታ ኣል-ሃዝም ኣኽቲላ ዕውትቲ ካልኣይ ዲቪዝዮን እያ ነይራ። ኣል-ኣህሊ፡ ሓንቲ ካብተን ኣብ'ዛ ክረምቲ ብዕብይታም ናይ ወፍሪ ትካል ፒ.ኣይ.ኤፍ (PIF) ዝተገዝኣ ኣርባዕተ ክለባት ስዑዲያ ብምዃና፡ ኣብ'ዛ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ብዝሓጥፈት ክትንቀሳቐስ ተራእያ እያ።


### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል
ዕዳጋ ሓሙስ - ማይተመናይ 12፡00 ድ.ቀ
ደንደን - ኩባንያ ሰገን 2፡00 ድ.ቀ
ቀይሕ ባሕሪ - ኣዱሊስ 4፡00 ድ.ቀ

ፕሪመር ሊግ
ብሬንትፎርድ - ቶተንሃም 4፡00 ድ.ቀ
ቸልሲ - ሊቨርፑል 6፡30 ድ.ቀ

ላ'ሊጋ
ገታፈ - ባርሴሎና 10፡30 ድ.ቀ



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ዘይስሩዕ ድቃስ ኣብ መዓናጡ ጎዳእቲ ባክተርያታት የበራኽት

ብተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ለንደን ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ዘይስሩዕ ሰዓታት ድቃስ ምህላው፡ ኣብ መዓናጡ ንጥዕና ጉዳእቲ ዝኾኑ ባክተርያታት ክህልዉ ዘተባብዕ ምዃኑ ገሊጹ።

ቀድሚ ሕጂ ኣብ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት፡ ብሰንኪ ስራሕ ዝስዓብ ተደጋጋሚ ምቕይያራት ናይ ድቃስ ሰዓታት፡ ተኸእሎታት ምውሳኽ ክብደት ሰብነት፡ ጸገማት ልብን ሕማም ሽኮርን ከምዝዕቢ ክግለጽ ጸኒሑ። ኣብ'ዚ ናይ ሕጂ መጽናዕቲ ድማ ባህርያዊ ረምታ ኣካላት ወዲ-ሰብ፡ ብንኡስ ምልውዋጥ ሰዓታት ምድቃስን ምትንሳእን



ከምዝጽሎ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ኣብ'ቲ ወጽኢት ናይ'ቲ መጽናዕቲ ከኣ፡ ዋላ ንኡስ ዓቕን ምዝንባዕ ስሩዕ ሰዓታት ድቃስ፡ ኣብቶም ንጥዕና ጠቓሚት ዝኾኑ ናይ መዓናጡ ባክተርያታት ለውጢ ከምዘስዕብ ተፈሊጡ ኣሎ።

ስለምንታይ እዩ ለውጢ ሰዓታት ድቃስ ምስ ኣብ መዓናጡ ዝርከቡ ባክተርያታት ምትሕሓዝ ዘለዎ፡ ዋላ'ኳ ብንጹር ኣይተፈለጠ፡ ምቕይያር ሰዓታት ድቃስ ግን ኣብ ስርዓት ኣመጋግባ ለውጢ ብምስዓብ ኑቶም ጥዕና መዓናጡና ክንሕልው ዘኽእሉና ጠቓሚት ባክተርያታት ብኣሉታ ከምዝጸልዎም የረድኡ።

ድቃስ ሓደ ካብ ንጥዕና ዝድልዩ ረቛሒታት ኮይኑ፡ ብዓበኡ ምስ ዘይዝውተር ኣብ ጥዕና ኣካላትናን ኣእምሮናን ሃስያ የውርድ። እንደቅሰሉን እንተንስኣሉን ፍሉጥ ሰዓታት ምዝውታር ድማ፡ እቶም ጉዳእቲ ባክተርያታት በቶም ጠቓሚት ባክተርያታት ክትክኡ ስለዘሕግዞ፡ ዝኾነ ሰብ ብዝተኻእለ መጠን ነዚ ኣገባብ ኣደቓቕሳ ክስዕቦ ይምከር።

## ኣብ ዝተመስርሑ መግብታት ዝርከብ ልዑል ሽኮር ጸጸር ኩሊት የስዕብ

ኣብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ልዑል ዓቐን ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ዝተመስርሑ መግብታትን ልስሉስ መስተታትን ምዝውታር፡ ንጸጸር ኩሊት ከምዝቃልዕ ሓቢሮም።

ጸጸር ኩሊት ሓደ ካብ'ቶም ብተደጋገሚ ዝርአዩ ኣቓዝዘውቲ ጸገም ጥዕና ኮይኑ፡ ካብ ዓሰርተ ሰባት ንሓደ ከምዘጥቅዕ ድማ ይግለጽ። እዚ ሕማም ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ማለት ምውሳኽ ዕድመ፡ ክረሻ፡ ሕዱር ወጽኣት፡ ጉድለት ኣካላዊ ጠለ፡ ረኽሲ መዓናጡ፡ ሕማም ሽኮርን ሕማም ረሕን ክስዕብ ይኽእል። ኣብ'ዚ ናይ ሕጂ መጽናዕቲ ከኣ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዝተመስርሑ መግብታትን ልስሉስ መስተታትን ዝርከብ ልዑል ዓቐን ሽኮር፡ ሓደ ካብ ሳዕቤናት ጸጸር ኩሊት ምዃኑ ተሓቢሩ ኣሎ።

እቲ ኣብ ወለንተኛታት ተሳተፍቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ዕለታዊ ሂወቶም ዝተመስርሑ መግብታት ኮነ መስተታት ዘዘውትሩ ሰባት፡ ጸጸር ኩሊት ናይ ምምዕባል ተኸእሎኦም ኣዝዩ ልዑል ክኸውን ከሎ፡ ምስኡ ጥዕና ዘይብሎምን ኣብ ትምህርቶም እውን ድኽመታት ዘርእዩን ምዃኖም ተፈሊጡ ኣሎ። እቲ ዝወሰድ ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ኮነ መስተ እናለዓለ ምስ ዝኸይድ፡ ጸጸር ኩሊት ክህልወካ ዘለዎ ተኽእሎ እውን ብኡ መጠን ከምዝዓቢ፡ እቶም ተመራመርቲ የብርሁ።

ብሓፈሻ ዝተመስርሑ ብፍላይ ከኣ ልዑል ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ዝተመስርሑ መግብታት ኮነ መስተታት፡ ተዳልየም ናብ ዕዳጋታት ንምቕራብ ዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣውያን ቀመማትን ስብ ስርሖም ከሚካላትን ስለዝኣትዉም ንጥዕና ሰብ ሓደገኛታት ከምዝኾኑ እዩ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝግለጽ።



ኣብ መወዳእታ እቶም ቻይናውያን ተመራመርቲ፡ ዝኾነ ሰብ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ጸጸር ኩሊት ዘለዎም ሰባት፡ ዝበልዑ ኮነ ዝሰትዩ ልዑል ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ዝተመስርሑ ነገራት ከውሕዱ መኺሮም።

## ሽንቲ ማይ ጠፈርተኛታት ፍታሕ ይረክብ

ኣብ መደበር ምርምር ጠፈር ኣመሪካ - ናሳ ዝርከቡ ተመራመርቲ፡ ሽንቲ ናብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ክልውጥ ዝኽእል ስርዓት ብምትእትታው፡ ኑቲ ንዓመታት



ከም ማሕልኾ ኮይኑ ኣብ በረራታት ከሸግሮም ዝጸንሐ ሕጽረት ማይ ክፍታሕ ከምዝተኻእለ ሓቢሮም።

እዚ ማእከል መደበር ምርምር ጠፈር፡ ናይ ኩሎም ጠፈርተኛታት ሽንቲ ማይ ብምእካብ 'ዩፒኤ' ብዝተሰምየ ስርዓት ኣሕሊፉ ናብ ዝስተ ማይ ክቕይር ክኢሉ ኣሎ። እቶም ተመራመርቲ ዝጥቀምሉ ዘለዉ ናይ መጻረዪ ማይ ስርዓት፡ መጀመርያ ኑቲ ኣብ ረሳሕ ፈሳሲ ዝርከብ ማይን ረሳሓትን መምጸዪ መሳርሒ ተጠቒሞም ከምዝፈላልይዎ እዮም ዝሕብሩ። ብድሕሪኡ ኑቲ ዝተረኽበ ማይ ንዝስተ ድሉው ንምግባር ተወሳኺ ናይ መንጸፊ መሳርሓት ብምሕላፍ ኣየዳን ከምዝሕወሰሉ ይገልጹ። ንውሕስነቱ ኣብ ዝምልከት ከኣ፡ እዚ ካብ ሽንቲ ማይ ጠፈርተኛታት ዝተመስርሐ ማይ ካብ ኣብ ገጽ ምድሪ ዝርከብ ዝስተ ማይ ዝጸረየ ምዃኑ፡ እቶም ተመራመርቲ ይሕብሩ።

በዚ ኣገባብ ዝቐድድ ማስርሕ ምጽራይ ማይ፡ እቲ 98 ሚእታዊት ከም እንደገና እናተጻረየ፡ ነዊሕ እዋናት ኣብ ምርዋይ ጽምኣትን ካልእ ንጥፈታትን ጠፈርተኛታት ከምዝውዕል እዩ ዝገለጸ።

እዚ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት ድማ፡ ነዚ ሓደሽ ማይ ናይ ምጽራይ ስርዓት ካብቶም ቀዳሞት ሕጂ ሸግራት ማይ ጠፈርተኛታት ንምፍታሕ ዝተኻየዱ ፈተነታት እቲ ዝበለጸን ቀጻልነት ዘለዎን ማስርሕ ከምዝዀበሮ የረድኡ።

ጠፈርተኛታት፡ ኣብ መደበር ጠፈርን መርከብ ህዋን ኣብ ዝጸንሕሉ ነዊሕ መዓልታት፡ ብሰንኪ እኹል ቀረብ መሰረታዊ ጠለባት ማለት ማይ፡ መግብን ኦክሲጅንን ዘይምህላው፡ ከምቲ ዝድለ ምርምርን ዳህሳስን ክካየዱ ከምዘይጸንሑ'ዩ ዝግለጽ። የግዳ ዘይተኣደነ ወጻኢታት እናገበሩ ኑቲ ምርምር ክካየድዎ ከምዝጸንሑ ንሕብር። ብመሰረት ሓበሬታ መደበር ምርምር ጠፈር ኣመሪካ ማለት ናሳ፡ ሓደ ጠፈርተኛ ኣብ መዓልቲ ንዝስተ፡ ንምድላው መግብን ንጽሬትን ከቢ. ሓሙሽተ ሊትሮ ዝኸውን ማይ የድልዮ።


ብሕጽረታት ማይን ኦክሲጅንን ክሳብ ሕጂ ዝሰናኸል ዘሎ በረራታት ጠፈር ናብ ርሑቕ ዓለማትን ኣብ መደበር ጠፈር ዝቕድድ ናይ ነዊሕ እዋን ጸንሒትን ብዮዑበሪ ዝዮዝደሉ መጻኢ ነዊሕ ከምዘይኮነ ድማ ተመራመርቲ ናይ'ቲ መደበር ኣብ መወዳእታ ሓቢሮም።

## ጸገም ምርኣይ፡ ምስ ሕማም ረሰዕ ይተሓሓዝ

ምስ ምውሳኽ ዕድመ ኣብ ዓበይቲ ሰባት ዝርአ ናይ ምርኣይ ጸገም፡ ምስ ሕማም ረሰዕ ምትሕሓዝ ከምዘለዎ፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሚሺጋን ዝመደበሮም ተመራመርቲ ገሊጾም።

እቶም ተመራመርቲ፡ ብዕድመ ኣብ ዝደፍኡ ሰባት ዘጋጥም ናይ ምርኣይ ጸገም፡ ንሕማም ረሰዕ ከምዘቃልዖም እዮም ዝሕብሩ ዘለዉ። እቲ ብማእከላይ ገምጋም ኣብ 76 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ዝተኻየደ መጽናዕታዊ ፈተነ፡ እቲ ምስ ምዝኻርን ምግንዛብን ዝተተሓሓዘ ክፋል ሓንጎል ናይቶም ርሑቕ ክርእዩ ዘይክእሉን ጠቕላላ ዑረት ዘጋጠሞምን ዓበይቲ ሰባት፡ ካብቶም ቀረባን ማእከላይን ርሕቀት ንኽርእዩ ዘሸግሮም መዝኑኦም ንላዕሊ ዝተዘናበወ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣካየድቲ እቲ መጽናዕቲ ኣሰዪቦም፡ ሓፈሻዊ ጥዕና ዓይኒ ዓበይቲ ሰባት፡ ንጥዕና ኣካላቶምን ኣእምሮኦምን ከምዝጸልው ብምጥቃስ፡ ጥዑይ ኣዒንቲ ብሩህ ኣእምሮ ንምህላው ስለዘሕግዝ ዓበይቲ ሰባት ግቡእ ክንክን ኣዒንቲ ክገብሩ ተማሕጺኖም። ወሲኾም ብመብጣሕቲ ኮነ መጸር ዓይኒ ክውገድ ዝኽእል ጸገም ምርኣይ ብኣጋኡ ምፍዋስ ተኽእሎታት ሕማም ረሰዕ ዘጕድል ከምዝኸውን ኣጽሪሮም።



## ኣገዳስነት ጽሕጊ ዘለዎ መግቢ ንነፍሰ-ጾራት

ኣብ ጃፓን ዝርከቡ ተመራመርቲ፡ እኹል ዓቐን ጽሕጊ ዘይምግብ ነፍሰጾራት፡ ዝሕተል ኣእምሮ ዘለዎም ናጽላታት ክወልዳ ዘለወን ተኽእሎ ልዑል ምዃኑ ሓቢሮም።

እዚ ን76 ሽሕ ዝጸሓ ነፍሰጾራትን ናጽላታተንን ኣብ ክልተ ጉጅለ ብምምቃል ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ እተን ትሑት ዓቐን ጽሕጊ ዝምገባ ዝነበራ ነፍሰ ጾራት ካብተን ኣብ ተመሳሳሊ እዋን እኹል ጽሕጊ ዝወስዳ ዝነበራ ንላዕሊ ዝሑል ኣእምሮኣዊ ምዕባለ ዘለዎም ናጽላታት ከምዝተኸላኸ ኣረዲኡዎም። ንሱቶም፡ እዞም ምድንጓይ ናይ ዕብየት ዘርእዩ ናጽላታት ምስ ኀበዙ ትሑት ናይ ምብህሃል ዓቕሚ፡ ሽግራት ናይ ምፍታሕ ክእለትን ምስ ሰባት ናይ ምውሳእ ብቕዓትን ከምዝህልዎም እውን ወሲኾም ሓቢሮም።

ኣሕተምቲ እቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ኣብ እዋን ጥንሰን ዘይእኹል ዓቐን ጽሕጊ ካብ ዝወስዳ ኣዴታት ዝተወልዱ ናጽላታት፡ ጸገማት ከም ምድንጓይ ምዕባለ ገለ ክፋል ኣካላት፡ ዘይውህደት ንኣሽቱ ጭዋዳታትን ዝሕታል ናይ ምንቅስቓስን ከምዝርአየሎም ኣጽሪሮም ኣለው። ኣሰዪቦም፡ ሓንቲ ነፍሰ ጾር ኣደ ክትወስዶ ዘለዋ ዓቐን ጽሕጊ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ስለዝፈላለ፡ ኣብ ጥቓኣ ናብ ዝርከብ መደበር ጥዕና ከይዳ ክትሓትት መኺሮም።



ኣብ መወዳእታ፡ ነፍሰ ጾር ኣደ እትኸተሎ ዓይነት ኣመጋግባ፡ ኣብ ጥዕና እቲ ናጽላ ካብ ዝሓሸ ክሳብ ዝኣርግ ጸላዊ ምዃኑ ተረዲኡ፡ ግቡእ ምኽትታል ክትገብርን ካብ ጉዳእቲ ወልፍታት ክትሕረምን ኣዘኻኺሮም።


**ተረኛ ፋርማሲ**
ቤት መሸጣ መድሃኒት ምሕረት
ቤት መሸጣ ጉት
ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ

**ዕለት**
13/08/2023

**ጎደና**
ጎደና መረብ ቁ.18፡ ከባቢ ኣምፒ ባሎ
ጎደና ኣፍሪካ ቁ.209ፈት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ
ጎደና 173-18 ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ ቤት ንባብ

**ቁ.ስልኪ**
124151
125154
127582

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565